
حياتك إن وضعتها في
يدك ستتعب، وان
حسبتها في أيدي الناس
فسوف تتعب أكثر.
أما إن آمنت أنها في يد الله،
فإنك ستستريح.
إن الذين يؤمنون بتدبير
الله لحياتهم، لا يقلقون
ابداً بل يعيشون على الدوام
في سلام داخلي يملأ
قلوبهم.
البابا شنوده الثالث



ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር
ምዕራፍ ሓደ

★1, መንፈሳዊ ጸሎት
ንወዲ ሰብ ካብ ምድራዊ ባህሩ ኣብ ሰማያዊ ናይ መላእኽቲ ደረጃን ከም ዘሎ ኮይኑ ብስርዓታት መላእኽቲ ብስምዒት ጸሎት ከዕርግ እንከሎ ክንደይ ባህ የብል። ጸሎት ብኣኣ ኣቢልና ምስ ኣምላኽ እንራኸበላ ጣዕሙን ርህራሄኡን እነስተማቕረላ: ኣብዛ ጸሎት እዚኣ ኣእዛን እግዚኣብሄር ኣብ ኣፍና ለጊበን ድምጽና ዝሰምዓላ: ግና ከኣ ልዕሊ ጉቡእና ዝኾነት ዓባይ ክብሪ ኢያ።
ስለዚ እምበኣር: ጸሎት እንታይ ኢዩ፧ ዝብል ሓተታ ሒዝና ንጀምር።

1–ጸሎት ሕጽር ብዝበለ ቋንቋ: "ምስ ኣምላኽ ምዝራብ" ኢዩ።
ግናኸ ዘረባ ብልሳን ዶስ ብልቢ፧ ብርግጽ እታ ብልቢ እትግበር ጸሎት ኢና ንዛረበላ ዘለና። እታ ብልሳን ጥራይ እትግበር ጸሎት እሞ: ጐይታ እውን ባዕሉ

ነቶም ብልሳኖም ጥራይ ዚጽልዩ ከምዚ ክብል ወቒስዎም ኢዩ:– (" እዚ ህዝቢ እዚ ብኸናፍሩ የኽብረኒ፡ ልቦም ግና ካባይ ርሑቕ እዩ።" ማር 7:6) ። ስለዚ እምበኣር ጸሎት ክንብል እንከለና : ዘረባ ወይ ዚጽናዕ ወይ ከኣ ዜማ ጥራይ ኣይኮነን ማለት ኢዩ።

2–እንታይ ደኣሉ፤ ጸሎት ብመንፈሳዊ መዳይ ንኣምላኽ ምንፋቕ ኢዩ።

ከምቲ ዘማራይ ዳዊት ዝበሎ: – "(እራብ ናብ ዓይኒ ማያት ከም እትናፍቕ፣ ከምኡ ኸኣ ነፍሰይ ናባኻ፣ ዎ ኣምላኽ፣ ትናፍቕ ኣላ። ነፍሰይ ንኣምላኽ፣ ነቲ ህያው ኣምላኽ፣ ትጸምእ ኣላ፣ መኣዝ ኩን ክመጽእ፣ ኣብ ቅድሚ ገጽ ኣምላኽሲ ክቐውም እየ፤ (መዝ 42:1–2) "። ቀጺሉ እውን (" ዎ ኣምላኽ፣ ንስኻ ኢኻ ኣምላኸይ፣ ኣንጊሄ እደልየካ ኣሎኹ፣ ነፍሰይ ንኣኻ ትጸምእ ኣላ፣ ስጋይ፣ ማይ ኣብ ዜብሉ ደረቕን ጽሙእን ምድሪ ኸይኑ፣ ይናፍቕካ ኣሎ።"(መዝ 63:1)። ልብኻ ንኣምላኽ ኣብ እትጸምኣሉ ግዜ: ካብ ውሽጢ ልብኻ ትጽሊ ናፍቕትካ ትገልጽ

።

3–ጸሎት ናፍቕት ክንብል ከሎና: ካብ ፍቕሪ ዝመንጨወት ደኣ እምበር: ደጋዊት ናፍቕት ኣይኮነትን ።

ጸሎት እምበኣር: ብመጀመርታ ኣብ ልቢ ፍቕሪ ይመልእ እሞ: ናብ ስምዒታትካን ሓሳብካን ክብ ይብል: ብድሕሪኡ ብልሳንካ ይወጽእ ። ጸሎት እምበኣር ፍቕሪ እውን ኢያ ማለትና ኢዩ። እቲ ዘማራይ ኣብ መዝሙሩ: (" ዎ ጐይታ ስምካ ዝፍቶ ኢዩ: ምሉእ መዓልቲ ከኣ መዝሙረይ ኮነ"(መዝ 119)። ንኣምላኽ ካብ ምፍቃሩ ዝተላዕለ: ኣብ ልቡ ጠቢቑ ኣብ ኣእምሮኡ ሰሪጹ ምሉእ መዓልቲ መዝሙሩ እንክገብሮ ኢና ነስተብህል ዘሎና ። ወሲኹ እውን ከምዚ ኢሉ ኣሎ:– (" ብስምካ ነእዳወይ ከልዕለን እየ። ነፍሰይ ከም ብስብሕን ኣንጕዕን ትጸግብ።(መዝ 63:4–7)።

4–ጸሎት እምበኣር ብኣምላኽ መንፈሳዊ ጽጋብ

እውን ኢያ ማለት ኢዩ።

ከምቲ ስጋና ብዝተፈላለየ መግቢ ዝምገብ: መንፈስና ድማ: ብመንፈሳዊ መግቢ ምስ ኣምላኽ ብልባዊ ቋንቋ ብምዝርራብን ብህላዌኡን: መግቢ ክትምገብ የድልያ ኢዩ። እንዳ ጸለኻ ከንስኻ መንፈሳዊ ጽጋብ ይስመዓካ እንተዘለኻ: ትጽሊ ከም ዘይጸናሕካ ፍለጥ ። ከምቲ ንጣብ ማይ ኣብ ቀላይ ውሒዛ ናብ ዓቢይ ባሕሪ ትሕወስ : ከምኡ ድማ ልቢ ሰብ ብጸሎት ናብ ልቢ ኣምላኽ ብተመስጦ ውሒዙ ይወሃሃድ ። ናይዚ ነገር ፈላመይቲ መንገዲ እዛ ጸሎት እዚኣ ኢያ።

ስለዝኾነት ከኣ ኢዩ ከምዚ ዚስዕብ ዝተባህለለላ:–

5–ጸሎት ኣብ ሞንጎ ፈጣርን ፍጡርን መራኸቢት መርቃዊት ድልድል ኢያ ።

እወ ነታ ናይ ያዕቆብ መሳልል መላእኽቲ ጸሎት ናብ ኣምላኽ ከብጽሑን መልሲ ከምጽኡን ተዘኻኽረና።

6–ጸሎት ስራሕ መላእኽትን ማህሌቶምን ኢያ ተባሂሉ ኣሎ።

ሱራፊኤል ኣብ ቅድሚ ዙፋን ደው ኢሎም (" ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ "(ኢሳ6) እናበሉ ክውድሱ ይነብሩ እሞ ነፍሶም ብእኡ ትረዊ። ጸሎት እምበኣር እዚኣ ኢያ።

እመኑኒ ብዙሓት ምስ ኣምላኽ ንዛረብ ኣለና ይብሉ ኢዮም: እንተኾነ እቲ ሓቂ ናብ ኣምላኽ ኣይበጽሑን ። መኽንያቱ ከኣ ዕምቆት ዘይብሉ መንፈሳዊ ስምዒት ዝጎደሎ ለይጣ ዘረባ ጥራይ ስለዝኾነ ኢዩ ።

7–ስለዚ ከኣ ኢና ጸሎት ምስ ኣምላኽ ምርኻብ'ያ ንብላ።

ከምኡ ከኣ ህላዌ ኣምላኽ ከም ዘሎ ይስመዓካ።
ንስኻ ምስ ኣምላኽ ከም ዘለኻን ምስኡ እውን ትራኸብ ከም ዘለኻ ይስመዓካ ። ገለገለ ሰባት ጸሎት ለይጣ ዕላል መሲልዎም ብቓላት ጥራይ ከጸባብቕዎን ክደጋግምዎን ኢዮም ዚረኣዩ :እምበር ኣብ መንጎኣምን ኣምላኽን ዝኾነ ርክብ የብሎምን ።

ሓደ ኣብነት ክምስለልኩም:– ንበል ኣብ ቅድሜና ሓደ ጽቡቕን ብርቱዕን ኣምፖል መስቀሊኡ ግርማ ዘለዎ ናይ ኣዳራሽ ወይ ናይ ማእከል ቤት መቕደስ ዓቢ መብራህቲ ኣሎ: እንተኾነ ምስ ኤለክትሪክ ኣይተራኸበን: እዚ ጽቡቕ መብራህቲ ምስቲ መብራህቲ ክህቦ ዝኽእል ሓይሊ ኤለክትሪክ እንተ ዘይተራኺቡ እንታይ ፋይዳ ኣለዎ፧
ብርግጽ ፋይዳ የብሉን ። እቲ ምስ ኣምላኽ

ዘይተራኸበ ጸላዩ እምበኣር ከምኡ ኢዩ።

8–ጸሎት እምበኣር: ጣዕሚ ህላዌ ኣምላኽን : መንፈሳዊ መቐረትን ኢዩ ዝስመዓካ።

ከምዚ ዓይነት ጸሎት ክትጽሊ ምስ ጀመርካ እምበኣር ንምቁራጹ ኢዩ ዘጸግመካ። ጸሎትካ ክትዛዝም ኢልካ ኣብ እትፍትነሉ : ምኽኣል ትስእን እኳ ደኣ መሊስካ ከምዚ ትበል (" ዎ ጐይታ ከም እንደገና ምሳኻ ክጸንሕ ሕደገኒ: ክፍለየካ ኣይደልን ዕላለይ ምሳኻ እውን ኣየቋርጽን ብምባል: ከምታ ድንግል (" ሓዝክዎ ኣይሓደግክዎን " ማሃ 3:4) ዝበለቶ ትመስል ።

9–እዛ ጸሎት እዚኣ ምንጻህ ልቢ ኢያ።

ጸሎት ምስ ኣምላኽ ልቢ ይነጽህ: ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣእምሮኡ ምስ ዝኾነ ሓጥያት ንኽይሰማማዕ ወይ ንኽይቅበል ዝሓፍር ይኸውን ። ንነፍሱ ድማ "ኣነ ኩሉ ሓሳበይ ምስ ኣምላኽ ዘለኹ ሰብ ከመይ ኢለ ከምዚ ዓይነት ሓሳባት እሓስብ፧" ይብላ። ንኹሉ ዝመጽኡ ጉጉይ ሓሳብ ከኣ ክነጽጎ እንከሎ ትርእዮን ንዓለምን ምለኣታን ከኣ ክጓዝመላ ትገብሮ። ከምቲ መንፈሳዊ ኣቦ ዝበልዎ (" ፍቕሪ ኣምላኽ ናብ ሰብን

ሰብኣውነትን ኣቕሪባትኒ")። እዚ ኣበሃህላ እዚ ኣነ ካብ ካልእ ዓለም ኢየ ንሳ ግን ናብኣ ኣቕሪባትኒ ማለቶም ኢዮም ። ቅዱስ ዮሓንስ ኣስዩጣዊ ከምዚ ዝበል ሕቶ ተሓተተ: (" እታ ንጽህቲ ጸሎት እንታይ ኢያ፧") ንሱ ድማ ከምዚ ክብል መለሰ (" ንሳ ካብ ዓለም ሙማት ኢያ") ። እቲ ምሉእ ቀልቡ ምስ ኣምላኽ ገሩ ዝጽሊ ሰብ: ብርግጽ ንዓለም ዝሞተ ዓለም ከኣ ንዕኡ ዝሞተት ኢዩ። ክጽሊ እንከሎ ነዛ ዓለም እዚኣ ህያው ስለዘይኮነ: በዛ ዓለምን ዘለዋ ኩሉን ዝስመያ ነገር ኣይህሉን።

10–ጸሎት ንወዲ ሰብ ክብሩ ንኣምላኽ ከኣ ጥሕትና ዝወሃባ ኢያ።

እወ! ንሕና መሬት: ኣብ ቅድሚቲ ንጉስ ነገስታት ኣምላኽ ኣማልኽቲ ክንዛረብስ መን ኢና ፧ ብሓቂ እዚ ንኣና ዘይግባእ ዓቢ ክብሪ ኢዩ። ንሱ ምስዚ ኩሉ ክብሩን ልዕልንኡን ምሳና ምስ ሓመድ ምዝራቡ ከኣ : ትሕትንኡ ዘርኣየና መገዲ ኢዩ። ብኣንጻሩ ግና ካብ ገለ ባሮቱ ደቂ ሰባት ንኽንዘራረብ ዘገም ዝፈጥረልና ምህምኢዩ።

11–ጸሎት እትውሰድ እምበር እትወሃብ

ኣይኮነትን።

ተጠንቀቐ! ኣብ ዝኾነ ኣብ እትጽልየሉ ግዜ: ንኣምላኽ ስምዒታትካን ኣብ ክንዲ ምሃብ: ሓደ ሓደ ግዜ "ግዜ የብለይን: ግዜ ስኢነ" ትብል ኢኻ። እንተኾነ ጸሎት ብምጽላይካ ክትወስዶም ዝግበኣካ ጸጋታት ደኣ ይጎድሉኻ እምበር: ንኣምልዝጎድሎ ነገር የሎን። ስለዝኾነ ደማ ኢና ኣብ ቅዳሴና "ኣነ ደኣ ንኣምልኾኻ የድልየኒ እምበር: ንስኻ ንባርነተይ ኣይድልየካን " እንብል። ክጽሊ እከለኹ ክወስድ ዘድልየኒ ኣነ ኢየ ። ህላዌኻ ጥራይ ደስታን ዕረፍትን ይህበኒ ። ብእምነት ብህላዌ ሓያልን ርህሩህን መሓርን ኣምላኽ : ብህላዌ እቲ ፈቃር ኣቦ ንደቁ: ክስመዓኒ ዘድልየኒ ኣነ ኢየ። 12–ጸሎት ብሕጉስ ልቢ ንኣምላኽ እተቐርቦ ማህሌት ኢዩ።

ነቢይ ዳዊት ክዝምር ክዝምር እንከሎ ብመዝሙር ጥራይ ኣይኮነን ዝጽልይ ዝነበረ: ታይደኣስ: ሓደ ሓደ ግዜ ብክራር: ብጊታር: ብበገና :ብጸናጽል: ብመለኸት: ብሰልፊ መዘምራን ከምኡ`ውን ካልኦት ናይ ሞዚቃ መሳርሒታት ይጥቀም ኔሩ ኢዩ። እዞም ኩሎም ብሓባር ሓደስቲ መዛሙር እንዳደረሱ

ብሓጎስ ንኣምላኽ ይዝምሩ።ከምቲ ሚርያም ሓፍቲ ሙሴን ኣሮንን ከበሮ ኣልዒላ : ደድሕሪ እተን ኣንስቲ እንዳ ሰዓበት " ዘምሩ ንጐይታ ዘምርሉ ንሱ ክብ ዝበለ ኢዩ" ዝበለቶ ማለት ኢዩ።(ዘጸ 15:20–21)። ጸሎት ካብ ልቢ ዝነቐለ ብመዝሙር ክኸውን እንከሎ ክንደይ ደስ ዘብል ኢዩ። ሃዋርያ ክጽሕፍ እንከሎ ከምዚ ኢሉ ኣሎ: ("ብመዝሙርን ምስጋናን ብመንፈሳዊ ቓንን ብልብኹም ንጐይታ እናተቓንኹምሉን እናደረስኩምሉን ንሓድሕድኩም እናተዛራረብኩምን፡ መንፈስ ይምላእኩም።(ኤፌ 5:19)።

13–ስለዚ እምበኣር ጸሎት ብኣምላኽ እንሕጎሰላ ግዜ ኢያ።

ስለዚ ከኣ ኢዩ መብዛሕትኡ ጸሎታትና ብግጽሚ ብዜማ ብዝማሬ እተሰነየ ኮይኑ ብሓደስቲ መዛሙራት እናተደርሰሉ እንረኽቦ። ኣብነት እንተወሰድና: ጸሎት ቅዳሴና ብዜማ ዝተቓነየ ኢዩ። ከምኡ`ውን ጸሎት ኣበሳልሞድን ከሉ ውዳሰፀታትናን ተመሳሳሊ ኢዩ። ኣብ ገዜ ውዳሴ መዝሙር ዳዊት ይኹን ወንጌል ክንበብ እንከሎ

ብዜማ ኢዩ ዝንበብ። እዚ ኩሉ ልቢ ተሓጒሳ ደው ብምባል ናብ ኣምላኽ እተቕርቦ ጸሎት ብመዛሙር ኢዩ።

ብርግጽ ኣብ ቅዳሴና ጊታር ኮነ ክራር ኣይንጥቀምን : እንተኾነ ናይ ልብና ኩሎም መሳርሒታት ህርመት ንጥቀም። ዜማ እምበኣር ጸሎት ኢዩ: ጸሎት ከኣ ዜማ ኢዩ: ንሳ ኣብ ህላዌ ኣምላኽ እንህልወላ ናይ ቃላት ዝማሬ ኢያ።ልብና ብሓጐስ ጐይታ ይመልእ: ብኹሉ ስምዒተና ከኣ ኣብ ኩሉ ኣጋጣሚታት ንኣምላኽ ንዝምረሉ።ኣብ ግዜ ሓዘን ከይተረፈ ብናይ ሓዘን ዜማ ስምዒታትና ናብ ኣምላኽ ንዝምረሉ።

ምዕራፍ ክልተ

★2–ናይ ቅቡል ጸሎት መግለጺ

ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝቕርብ ጸሎት ኩሉ ቅቡል ከም ዘይኮነ ክንፈልጥ ይግባእ ። እግዚኣብሄር ዝነጸጎም ብዙሓት ጸሎታት ከም ኣብነት: – እቶም ንኽረኣዩ ዝጽልዩ: ከምኡ`ውን ጸሎት ናይቶም

ተረርቲ ልቢ " ኣእዳውኩም ምስ እትዝርግሑ፡ ኣዒንተይ ካባኻትኩም እኽውለን፡ ምህለላ እኳ እንተ ኣብዛሕኩም፡ ኣይሰምዕን እየ፡ ኣእዳውኩም ደም መሊኤን እየን።(ኢሳ 1:15)። ምውሳድ ይከኣል ።

1—ብቕዳምነት ብርድኢት ክንጽሎ የድልየና ።

ንነፍስወከፍ ኣብ ግዜ ጸሎትካ እትብላ ቃል : ትርጉም ትሕዝቶኣ ክትርደኣ የድሊ: ከመይሲ ነፍስወከፍ ቃል ኣባኻ ትርጉም ስለዘለዋ።

ነፍስወከፍ ኣብ ጸሎትካ እትብላ ቃል: ልሳንካን ኣእምሮኻን ልብኻን ስምዒታትካን ስጋኻን ዘሕበረ ክኸውን ይግባእ ። ብሓጺሩ ሰብ ብኹለንተናኡ ዝሓብረሉ ኢዩ። ከምቲ ኣብ ገለ ጸሎታትና " ልሳነይን ልበይን ነቲ ቅዱስ የመስግናኣ" እንብሎ ማለት ኢዩ። ስለዚ እምበኣር: ጸሎት ለይጣ ዕላል ወይ ዘረባ ዘይኮነስ: ኣእምሮኻ ዝቕልሶ : ብኹሉ ስምዒታትካን መንፈስካን ምልኣት ልብኻን ዝሓበሮ ብልሳንካ ዝወጽእ ወይ ዝግለጽ ኢዩ።

2–ከምኡውን ስጋኻን ህዋሳትካን ብጸሎት ዝሓብራሉ ኣዩ።

ስጋኻ ብምምብርካኽ: ብምስጋድ: ብኣኽብሮት: ብምልዓል ኣእዳው: ብምልዓል ኣዒንቲ ይሓብር ።
ኩሎም ህዋሳት ምድራዊ ባህሮም ገቲኦም ንየምን ኮነ ጸጋም ምጥማት ወይ ምንቅስቓሳት ብምቁራጽ: ኣብ ቅድሚ መን ደው ኢሉ ከም ዘሎ ብምርዳእ: ብኽብርን ብስርዓትን ይቐውም ።
ሱራፍኤልን ኩሩቤልን ኣብ ቅድሚ ዝፋን ኣምላኽ ቆይሞም: ብኽልተ ኣኽናፎም ገጾም ብኽልተ ኣኽናፎም ድማ ኣእጋሮም ብምሸፋን: ዘመስግንዎስ: ንሕና ዶቸ ግዳ ኣዚና ከነኽብሮ ኣይግበኣናን፤ ኣብ ግዜ ቅዳሴና ኣቦና ካህን ቁራጽ ዓለባ ኣብ ኢዱ ገጹ ብምኽዋል ናብ ሰማይ ብምጥማት : ኣብ ቅድሚ ክብሪ ኣምላኽ ደው ምባሉ ኢዩ ዚገልጽ ።

3–ከምኡውን ጸሎት ብዘይተበታተነ ጥሙር ሓሳብ ሒዝካ ምጽላይ የድሊ።

ሓሳብካ ናብ ካልእ ጉዳያት ተመቓቒሉ እንከሎ ጸሎት ከተብጽሕ ስለዘይከኣል : ሓሳብካን ኩልንትናኻን ናብ ጸሎት ጥራይ ከድህብ ክትገብሮ ፈትን ። ነዚ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብምንባብን ብመንፈሳዊ ቅኔን ብኣስተንትኖን ከተዕብዮ ዝከኣል

ኢዩ። ስለዚ ኣእምሮኻ ብኻልእ ነገር ተመቓቒሉ እንከሎ ንጸሎት ዘይምትንሳእ ይመርጽ ። ገለ ሰባት ኣብ ግዜ ጸሎቶም ካብ ኣብ የማነ ጸጋሞም ዘሎ ምድራዊ ነገራት ኣድህበኦም ንኸይስርቆም ኣዒንቶም ይዕምቱ ኢዮም። ይኹን እምበር: እቲ ብሓቂ ሕልናኡ ንላዕሊ ዝሰቐለ ሰብ: ንሱ ምስ ኣምላኽ በይኑ ጥራይ ስለዝርከብ: ብኣብ ከባቢኡ ብዘሎ ነገር ኣይስረቕን ኢዩ። ሰብ እምበኣር ብኣድህቦን ብርድኢትን ይጽሊ እንተሎ ብዕምቈት ኢዩ ዝጽሊ። ከምቲ ዘማራይ ዳዊት (" ዎ እግዚኣብሄር፣ ካብ ዓሚቕ ናባኻ ኣእዌኹ።(መዝ 130:1)። " ካብ ማዓሙቕ ልበይ: ካብ ማዓሙቕ ስምዒታተይ: ካብ ማዓሙቕ ድሌታይ: ካብ ማዓሙቕ ጸገማተይን ውድቀተይን ናባኻ ክልዕል እደሊ ኣለኹ።

4–ከምዚ ዓይነት ጸሎት ብሙቕት ክትከውን ብግዲ ኢዩ።

መኽንያቱ እቲ ከምዚ ኢሉ ዚጽሊ ሰብ ነፍሱ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ስለዘፍሰሳ ፍረ ኣለዎ። ናብ ሃና ኣደ ሳሙኤል ተመልከቱ: መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝነግረና ("መሪር ብኽያት እናበኸይ ጸለየት: ቃል

ድማ ኣተውት" ። ንሳ ከናፍራ ጥራይ እንዳ ተንቀሳቐሰ ብዘይ ድምጺ: ካብን ኤሊ ሰኽራም ክሳብ ዝመስሎ ብልባ ኢያ ትጽሊ ዝነበረት (ሳሙ 1:10–13)።ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደኒና ነፍሳ ብምፍሳስ: ብኹሉ ስምዒታ ብመንፈሳዊ ምዉቕ ትጽሊ ነበረት ።
ብዛዕባ ነቢይ ኤልያስ ዝተባህለ ኣዚዩ ደስ ዘብል ከኣ ኣሎ (" ጸሎት ጸለየ" ያዕ 5:17) ። ጸሎት ጸለየ እንታይ ዝብል ኣበሃህላ እንታይ ትርጉም ዝሓዘለ ኢዩ፧ ኣበሃህላኡ: ለይጣ ዘረባ ዘይኮነስ: ዕምቈትን መንፈሳዊ ዋዕን ዘለዎ ኢዩ።
ጸሎት ይጽሊ: ዕሙቕ ዝበለ ኣበሃህላ ናይዛ ይጽሊ እትብል ቃል ።
ሓደ ካህን ኣብ ቅድሚ መሰውኢ ቆይሙ ክትርኢ ከለኻ: ካብ ብውሽጥኻ ይጽሊ ኣሎ ዝብል ስምዒት ኢዩ ዝስመዓካ። ካልእ ካህን ከኣ ተመሳሳሊ እናቕረበ እንከሎ: ጸሎቱ ዕምቈት ዘይብሉ ዘረባ ኮይኑ ትረኽቦ። ከምኡ እውን ክልተ ዘመርቲ: እቲ ሓደ ብመንፈስ ክዝምር እንከሎ: እቲ ካልእ ግና ብዘይ መንፈሳውነት ስለዝገብሮ: ዝደርፍ ዘሎ እምበር

ዝጽሊ ዘሎ ኮይኑ ኣይረኣየካን ። ገለ ጸለይቲ ጸለይቲ ክመስሉ ነፈሶም ዘዕብዩ እምበር: ጸሎቶም ናብ ሰማይ ኣይዓርግ: ምስ ኣምላኽ ኣይራኽብ ኢዮም ። ብኻልእ ወገን እንተረኣና ድማ: ጸሎቱ ልክዕ ከምቶም ኣብ ራኢ ዮሓንስ ብዘዕባኦም ተነጊሩ ዘሎ ዕስራን ኣርባዕተን ካህናት ሰማይ: ጸሎቱ ወርቃዊ ጽንሃህ ሒዙ ነዚ መስዋእቲ ናብ ቅድሚ ኣምላኽ ዘብጽሕ ጸሎት ይጽሊ። መኽንያቱ መላእኽቲ ሰማይ ጥዑም መኣዛ ዕጣን ዘለዎ ጸሎት ክሸትቶም ከሎ: እዞም መላእኽቲ እዚኦም መኽንያት ዓዕማ ክምርምሩ ይጅምሩ: እሞ "እከለ ንጸሎት ተንሲኡ ይብሉ,,,,,። ጸሎት ዘለዎ መንፈሳዊ ምቹት: ኣብ ግዜ ጸሎት ዝጥቀሞም ጠባያት: ኣብታ ጸሎት ዘሎ ሓይሊ ከምኡ እውን ንብዓት ነታ ጸሎት የሰንያ ። ብዘዕባ እታ ነፍስኻ ኣብ ግዜ ጸሎት ምፍሳስ ግና : ንዓኣ ክገልጽ ዝኽእል ዝኽእል ነገር ስለዘየለ: ናባኹም ብምግዳፍ ወዲ ሰብ ነፍሱ ቀጺዑ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከፍስሳ ይግባእ ።

5–ጸሎት ብምስትንታን ።

ኣብነት እንተ ወሲድና: ጸሎት ጐይታ እንዳ ጸለኻ

እንከለኻ ኣብ "መንግስትኻ ትምጻእ " ምስ
በጻሕካ: ትርጉማ ብምስትንታን ብዕምቈት :
ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ልብን ሓሳባትን መደባትን
ክገዝእ ምፍቃድ ወዘተ,,, ከምኡውን መንግስቲ
ኣምላኽ ኣብ ኩሎም ዘይፈለጥዎ ኣህዛብን
ህዝብታትን ክገዝእ ከተስተንትን ትኽእል ። ወይ
ከኣ ናብታ ዘለኣለማዊት ሰማያዊት መንግስቲ
ትሓስብ: ከምዚ ኢልካ ድማ ብምስትንታን ነፍስኻ
ብዕምቈት ኣብ መለኮት ትረኽባ ።

6–ካል ብዙሕ ብዙሕ መግለጺ ቅቡል ጸሎት ።

ካልእ እውን ናይ ቅቡል ጸሎት መግለጺታት ብዙሕ
ኣሎ። ከምቲ ዝበልናዮ ጸሎት: ብፍቕሪ:
ብኣኽብሮት: ከምኡ ከኣ እቲ ዝጽልይ ዘሎ ኣምላኽ
ጸሎቱ ከም ዝሰምዖ ኣሚኑ ብእምነት ክጽሊ
ይግባእን: ብዝወሓደ ከኣ ኣምላኽ እቲ ንዕኡ ሰናይ
ዝኾነ ነገር ከም ዝገብረሉ ኣሚኑ ክጽልይክ ይግባእ ።

ምዕራፍ ሰለስተ

★3–ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና።

ጸሎት ጐይታ ወይ (ኣብ ሰማያት እትነብር) ብዙሕን ዓሚቕን መንፈሳዊ ትርጉም ዝሓዘለት ኣብነታዊት ምሳሌ ሞዴል ኢያ። እቲ ዝጽሊ ሰብ ብዕምቈታ ናብኣ እንተ ኣቲዉን ናብ ዕምቈቱ እንተ ኣእትይዋን : ካልእ ተወሳኺ ጸሎት እውን ኣየድልዮን ። ማለት ብርድኢትን ብኣስተንትኖን ብዕምቆትን እንተ ጸልይዋ ማለት ኢዩ። እንተደኣ ብፍጥነትን ብልማድን ጥራይ መንፈሳዊ ስምዒት ዘይብሉ ጌሩ ይጽልያ ኣሎ ኮይኑ ግና: እቲ ጸገም ኣብቲ ዝጥቀመሉ ዘሎ ናይ ልማድ ኣጸላልያ ደኣ እምበር: ኣብታ ጸሎት ባዕላ ኣይኮነን ።

★ጐይታ ባዕሉ ክንጽልያ ከም ዘለና ዝመሃረና ምኽና እኳ እኹል ኢዩ።

ኣብቲ መሰረት ናይ ክርስትና ሕጊ ምኽኑ ዝንገረና ናይ እምባ ስብከቱ: (" ከምዚ ኢልኩም ጸልዩ: ኣብ ሰማይ እትነብር ኣቦና ") ኢልና ክንጽሊ ምሂሩና። (ማቴ 6:9–13)። ሓንቲ መዓልቲ ካብ ግዜታት ሓድ ካብ ደቂ መዛሙርቱ : ከምዚ እናበለ ሓተቶ: (" ዎ

ጐይታ ከምቲ ዮሓንስ ንደቂ መዛሙርቱ ዝመሃሮም: ከመይ ጌርና ከም እንጽሊ መሃረና ") ብዘይ ጥርጥር ደቂ መዛሙርቱ ይጽልዩ ኔሮም ከም ዝኾኑን ከም ጌርካ ከም ዝጽለ ይፈልጡን ከም ዝነበሩን ዘማትእ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እንተበልና ግና ካልእ ትርጉም: ኣብነታዊ ሞዴል ዝኸውን ጸሎት ማለቶም ነበረ። ጐይታ ድማ: (" ክትጽልዩ እንከለኹም ከምዚ ደኣ በሉ: ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና " ሉቃ 11:1–4)።

★"ክትጽልዩ ከለኹም ከምዚ ደኣ በሉ" ዝብል ኣበሃህላ: ነዛ ጸሎት እዚኣ ብቐጻሊ ክንደጋግማ ጌራትና ኢያ። ንኹሉ ስርዓተ ጸሎታትና ኮነ ጸሎታት ሸውዓተ ሰዓታትና ከምኡ እውን ናይ ብሕትና ጸሎትና : ዋላ ናይ ኩሉ ጉባኤታትና ጸሎት ብእኣ ጌርና ንፍልሞ ።

★ብኣኣ ንፍልም ብኣኣ ንኽትም ወይ ንውድእ። እዛ ጸሎት እዚኣ ባዕሉ ዝመሃረና ከም ምኽና መጠን: ምስ ፍቓዱ ድማ ትሰማማዕ ኢያ ማለት ኢዩ። ብዙሓት ካብና ክንጽሊ እንከለና: ኣብ

ኣተሓሳስባና: ድሌታትና: ናይ ግሊ ፍቓድና ደኣ እምበር: ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ይሰማማዕ ዶ ወይስ ይጻረር ይኸውን ኢልና ኣይንሓስብን ። እዛ ናይ ጐይታ ጸሎት ግና: ብቓሉ በቲ ባዕሉ ክንጽልየሉ ዝመሃረና: ምስ ኣምላኻዊ ፍቓዱ ጽቡቕ ገሩ ዝሰማማዕ ገርና ኢና ነዘራርቦ ። ብምልኣተ ልቢ ድማ ተኣማሚንና: ድሌታትና ዘይኮነስ: ንሱ ንዓና ዘድልየና ክህበና ንጽሊ። እዛ ጸሎት እዚኣ ሸውዓተ ልመናታት ዝሓቖፈት ኢያ። እተን ቀዳሞት ሰለስተ ንኣምላኽ ዘመልክታ ክኾና እንከለዋ: እተን ዝተረፋ ድማ ንዓና ይምልከታ ። ከምተን ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ብኣጻብዕቱ ዝጸሓፈን (ዘጸ 31:18): እታ ቀዳመይቲ ጽላት ብዛዕባ ኣምላኽ ክትከውን እንከላ : እታ ካልኣይቲ ድማ ብዛዕባ ደቂሰባት ምስ ደቂሰባት ዝነበረት ማለት ኢዩ። እዚ እቲ ብዛዕባ ኣምላኽ ኣዚዩ ስለ ዘገድስ ኢዩ። ርክብና ምስ ኣምላኽ ጥውይ እንተ ደኣ ኮይኑ ኢዩ ርክብና ምስ ደቂ ሰባት ጽቡቕ ዝኸውን ። እዚ ከኣ ኢዩ እቲ ዝመሃረና ጸሎት: — እተን ሰለስተ ቀዳሞት ብዛዕባ ኣምላኽ ጠለባት ኣብታ ቀዳመይቲ ጽላት ዘለዋ

"ስምካ ይቀደስ: መንግስትኻ ትምጻእ: ፍቓድካ ይኹን" እተን ዝተረፋ ኣርባዕተ ከኣ " እንጌራና ሃበና: በደልና ሕደገልና: ናብ ፈተና ኣይተዝትወና: ካብ ኩፉእ ሰውረና ።

★እዛ ጸሎት ኣምላኽ ቀዳምነት ክወሃበ ኢያ ትምህረና።

ብቐዳምነት ቅድሚ ኩሉ ነገር ንሕና እንልምኖ :ስም እግዚኣብሄር ኣብ ማእከል ደቂ ሰባት ቅዱስ ንኽኸውንን ፍቓዱ ክትግበርን መንግስቱ ክትቀውምን ኢዩ ። ንሱ ከኣ ኢዩ ኣገዳሲ። ብዝኾነ ኣረኣእያ ልመናና ቅድም " መንግስቱን ጽድቂን " ክኸውን ኣለዎ ።(ማቴ 6:33) ። ብቐዳምነት ንፍቓድ ኣምላኽን መሎኮቱን እንተ ደኣ ኣፍቂርና: ብርግጽ ጉዳይና ከኣ ሰናይ ክኸውንን ኩሉ ዝተረፈ ልመናና መልሲ ክረክብን ኢዩ። ማለት እቲ ዝተረፈ ኩሉ ከይለመንና እንከሎና ከም ወሰኽ ኢዩ ዝወሃበና። ከምቲ ዝረኣናዮ ኣብ ዓሰርተ ትእዛዛት ኮነ ሸውዓተ ጸሎታት ኣምላኽ ቅድም ተሰሪው ዘሎ : ከምኡ ድማ ኣብ ተኣዛዝነት ካብ ሰብ ንላዕሊ

ኣምላኽ ቀዳማይ ክኸውን ዘለዎ (ግብ 5:29)
። ብዋጋ ኣምላኽ ንሰብ ባህ ዘብል ኣጋጣሚ እኳ
እንተ ኣጋጠመ ከይተረፈ: ዋላ እቶም ሰባት ይቆጥው
ንኣምላኽ ከተቐድም ይምረጽ። ስለዚ ከኣ ኢዩ
ሃዋርያ ከምዚ ዝበለ (" ገና ንሰብ ከሐጉስ እንተ
ዝብልሲ፡ ባርያ ክርስቶስ ኣይምኸንኩን ነይረ።(ገብ
1:10")። ጐይታ ባዕዝበሎ እውን እንተኾነ
(" እቲ ኻባይ ነቦኡን ነዲኡን ዜፍቅር ንኣይ
ኣይበቕዕን እዩ። ካባይሲ ንወዱ ወይስ ንጓሉ ዜፍቅር
ድማ ንኣይ ኣይበቕዕን እዩ።"(ማቴ 10:37)።
ኣምላኽ ኣብ ፍቕሪ እውን ቀዳማይ ኢዩ። ከምዚ
ተባሂሉሉ ኣሎ "(ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ብምሉእ ልብኻን ብሹሉ ነፍስኻን ብሹሉ ሓሳብካን
ኣፍቅሮ፡ እዚኣ እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ
እያ።"(22:37–38)። ባህርያዊ ወዲ ሰብ እንተደኣ
ንኣምላኽ ብምሉእ ልቡ የፍቅሮ ኮይኑ: ንሓው ክፍቱ
ድማ ግድን ኢዩ። እወ ብመጀመርታ ንኣምላኽ
ፍቓዱን መንግስቱን ነፍቅር እሞ: ብድሕሪኡ
ንነፍስና ዝኸውን ንልምን።

★ንሕና ኣብ ጸሎትና ካብ ኣምላኽ ደኣ እምበር ካብ ሰብ ኣይንልምንን። መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ (" እቲ ኣብ ሰብ ዝውከል ርጉም ኢዩ"(ኤር 17:5) ኢሉና ኣሎ።መዝሙር ዳዊት እውን : (" ካብ ኣብ ሰብ ምውካልሲ ኣብ እግዚኣብሄር ምዕቋብ ይሐይስ።"(መዝ 118:8) ይብል። ስለዝኾነ እምበኣር ንኹሉ ድሌታትና ናብ ኣምላኽ ነቕንዕን ቅድሚ ኣእዳውና ልብና ናብኡ ነልዕልን። መኽንያቱ "ጽቡቕን ምሉእን ምህበት ካብቲ ኣቦ ብርሃናት ካብ ልዕሊ ስለዝኾነ "። (ያዕ 1:17)። ኣምላኽ ምንጪ ኩሉ ሰናያትና ኢዩ። ንሱ ክህብ ዝፈቱ: ክህብ ዝኽእል: እቲ እንኮ ወሃቢ እምበር ሰባት ኣይህቡናን። ኣብ ገለ ናይ ቤት ክርስትያንና ጸሎታት ንደጋግማ " ካብ ጐይታ ንልምን " እትብል ኣበሃህላ ኣለ።

★እቲ ካብ ገለ ሰባት እንረኽቦ ውህብቶ ከይተረፈ: ኣምላኽ ብመንገዶም ጌሩ ዝሃበና ውህብቶ ኢዩ ።

ንሱ መሰረት ኢዩ። እቶም ንኻልኦት ዝልግሱ

ወገናት: ካብ ኣምላኽ ኢዮም ተቐቢሎሞ። ንኽህቡ ናይ ምሃብ ፍቓድ ኣብ ልቦም ዘንበረ እውን ኣምላኽ ኢዩ። ካብ ኣምላኽ እንቕበላ ውህብቶ ጥዕይትን እምንትን ስለ እትኸውን: ኩሉ ዘድልየና ካብኡ ኢና እንልምን።

★ ኣብ ገለ ልመናና (" ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶ ") ንብል።

እዚ ከምቲ ጐይታ ንደቂ መዛሙርቱ (" ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ ኽም ዝህበኩም፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ክሳዕ ሕጂ ሓንቲ እኳ ብስመይ ኣይለመንኩምዎን። ሓጐስኩም ምሉእ ምእንቲ ኪኸውን፡ ለምኑ ኽትረኽቡ ድማ ኢኹም። "(ዮሓ 16:23–24) ።

ቀጺሉ እንደገና ከምዚ ኢሉ ኣሎ: (" ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ምእንቲ ኺህበኩም፡ ነዚ መደብኩኹም።(ዮሓ 15:16")። እቲ ብስመይ እንተ ለመንኩም ኣብ "ዮሓ 16:26 " ደጊምዋ ኣሎ። ስለዚ ከኣ ኢና እምበኣር ንሕና ኩሉ ልመናና ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶ እነቕርቦ ። ኣብ መወዳእታ ድማ በዛ ናይ ጐይታ ጸሎት: ስም ኣምላኽና ልዕል

ብምባል ንዛዝመም ። ነዚ ወሃቢ ኣምላኽ : ከም ኣቦና መጠን: " ኣቦና" እንዳበልና ናብኡ ንግስግስ ።

ምዕራፍ ኣርባዕተ

★4– ኣቦና

ኣብዛ ጸሎት እዚኣ ንኣምላኽ ከም ንጉስ ወይ ፈጣሪ ዘይኮንናስ: ከም ንኣቦ ጌርና ኢና ንጽሊ ። ጐይታና ክርስቶስ ንደቂ ሰባት ናብ ናይ ጸሎት ስምዒት ከእትዎም ክጅምር ከሎ: ከም ውሉድ ምስ ኣቦኡ ዝዛራረብ ደኣ እምበር: ከም ፍጡር ንፈጣሪኡ ወይ ከኣ ባርያ ምስ ጐይታኡ ከም ዝዘራረብ ኣይኮነን ። ንሕና ንኣምላኽ ከም ኣቦ ንዛረቦ: በዚ ከኣ እታ ጸሎት ስምዒታዊት ዕላል ኣብ መንጎ ኣቦን ወድን ኮይና: ልመና ዘየድልያ ትኸውን ። እምበኣርከስ ጸሎትኩም በዚ ደረጃ`ዚ እንተ ደኣ ወጺኣ: ብመንፈሳዊ መንገዲ ናይ ጐይታ ጸሎት ወጺኣ ኣላ ። ከመይሲ ጐይታ ባዕሉ ኢዩ ንኣምላኽ ከም ኣቦ ክንዘራረቦ ምሂሩና ዘሎ። ካልኣይ ከኣ: ምስ

ኣምላኽ ዘለና ዝምድና ባርነት : ወይ ከኣ ከም ፈጣርን ፍጡርን ጥራ ከም ዘይኮነ ንዘክር ። እንታይ ደኣስ: ወላድን ወሉድን ኢና። ኣምላኽ ንባዕሉ ኣቡ ተባሂሉ ክጽዋዕን: ውሉድ ክንስመን ኢዩ ዝመርጽ ። ንሕና ድማ ኣብ ጸሎትና ካብ ኣቦ ደኣ እምበር: ካብ ውሉድ ኣይንልምንን።

★ኣቦነት ኣምላኽ ካብ ጥንቲ ዝተፈለጠ ኢዩ።

ኣብ መእተዊ ዛንታ ማይ ኣይሂ ከም ዝብሎ(" እቶም ደቂ ኣምላኽ ድማ ነተን ኣዋልድ ሰብ፡ መልከዔኛታት ከም ዝኾና ምስ ረኣዩ።(ዘፍ 6:2) ። ደቂ ሰብ ካብ ዘርኢ እቲ ቀታሊ ነፍሲ ቃኤል ኢየን። እቶም ደቂ ኣምላኽ ግና ዘርኢ እቲ ኣዳም ድሕሪ ምቕታል ኣቤል ዝወለዶ ሴት ኢዮም ።(ዘፍ 4:25–26) ። ሽዑ ኢዮም ከኣ ደቂ ኣምላኽ ዝተሰነዩ ። እቶም ደቂ ቃኤን ግና ኣብ ወለዶ ኣምላኽ ኣይኣተዉን ። ኣብ ምጽብጻብ ወለዶ ክርስቶስ ጐይታና ከም ዝተባ ድማ: " ወዲ ሄኖስ፡ ወዲ ሴት፡ ወዲ ኣዳም፡ ወዲ ኣምላኽ።(ሉቃ 3:38)። እዚ ድማ ኣዳም ወዲ ኣምላኽ ከም ዝተሰመየ የረጋግጸልና።

★ ኩሉ ብኣምላኽ ዝኣምን: ኣምላኽ ውሉደይ ይብሎ።(ዮሓ 1:12)።

ስለዝኾነ ከኣ ኣምላኽ (" ወደየ ልብኻ ሃበኒ " ምሳ 23:26) ብምባ ትእዛዝ የመሓላልፈሉ ። ኣብ ትንቢት ኢሳያስ ነዛ ኣበሃህላ ክደግማ እንከሎ: (" ንስኻ ደኣ ኢኻ ኣቦና፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ ኢኻ ኣቦና።(ኢሳ 63:16)። "ሕጂ ግና፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ ኣቦና ኢኻ፡ ንሕና መሬት ኢና። (ኢሳ 64:8)።

★እቲ ዘገርም ዋላ ነቶም ዝሓጥኡ ከይተረፈ ኣቦነቱ ኣይግደፈን ።

ኣብ መጀመርታ ትንቢት ኢሳያስ ከምዚ ኢዩ ዝብል (" ንውሉድ ኣዕቤኽዎምን ኣልዐልክዎምን፡ ንሳቶም ድማ ካባይ ዐለው።(ኢሳ 1:2)። ዋላ እካ ዓለውቲ ይኹኑ ውሉድ ኢዮም ። ጐይታ ብዛ እዚ ከዘኻኽረና እንከሎ ("እዚ ወደይ ሞይቱ ነይሩ ሐውዩ፡ ጠፊኡ ነይሩውን ተረኺቡ እዩ ። (ሉቃ 15:24) ። ሞይቱን ጠፊሀኡን ኔሩ። ምስዚ ኩሉ ግና ጌና ውልዱ ኢዩ ኔሩ። ኣቦነት ናይ ኣምላኽ ንዓና እምበኣ: ጐይታ ኣብ

ሓድሽ ኪዳን "ሰማያዊ ኣቦኹም " ዝበለና ኣድህብሉ።

ምዕራፍ ሓሙሽተ

★5 – ኣምላኽ ድሌታትና ይፈልጥ ኢዩ!

ተ:ኣምላኽ ኣቦና ከም ም኿ኑ መጠን ድሌታትና ይፈልጥ ኢዩ:

ይፈልጥ ክንብል እንከሎና: ጌና ከይሓተትናዮን ከየለመንናዮን እንከሎና ኢዩ ዝፈልጥ ማለትና ኢዩ። ከምቲ ቅዱስ ወንጌል ዝበሎ: (" ንኣኻትኩም እዚ ኹሉ ኸም ዜድልየኩም፡ ናይ ሰማይ ኣቦኹም ይፈልጥ እዩ።(ማቴ 6:32)። " ስለዚ ከኣ ኩሉ ዘድልየና ክንልምኖ ከይተጸበየ: ይህበና ኢዩ ንብል ። ምእንቲ እዚ ኢዩ ድማ : እቲ ምድራዊ ነገራት ከይለመንናዮ ዝህበና ካብ ኮነ: ኣብ ግዜ ጸሎትና ካብ ምድራዊ ባህግታት ተላዒልና: ልብና ኣብቲ መንፈሳዊ ነገር ከተኩር ኣለዎ ማለት ኢዩ ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ግና ንሓጥያተይናን ንጻድቕን

ንሕያዎትን ርጉማትን ብማዕረ ጸሓይ ዘብርቕን ዝናብ ዘዝንብን: ንኹሉ ፍጡር ድማ ብሰናይ ድሌቱ ዘጽግብን ኢዩ።

ተ: ክህበና እንከሎ:ሓደ ኣቦ ንደቁ ከም ዝሕብሕቦም ጌሩ ኢዩ ዝህበና :

ስለዝኾነ ከኣ ኢዮም ቅዱሳን ኣቦታትና ብዛዕባ ከምዚ ነገራት ግዲ ዘይገብሩ ዝነበሩ። ብኣንጻሩ ግና በዛ ጸሎት እዚኣ ብፍቕሪ ናይዚ ኣቦ እዚ ትድሰት ።

ተ: ናይ እግዚኣብሄር ኣቦነት ንዓና: ለውሃቱን ርህራሄኡን ኢዩ ዘረጋግጸልና።

ስለዚ ከኣ ኢዩ ነቢ ዳዊት ኣብ መዝምሩ ከምዚ ዝበለ: ("ከምቲ ወላዲ ንውሉዱ ዚርሕርሓሎም፣ ከምኡ እግዚኣብሄር ንዚፈርህዎ ይርሕርሓሎም እዩ። (መዝ 103:13)" ድኻምና ስለዝፈልጥ: ከም ኣቦ መጠን ንድኻምና ይድንግጸልና ኢዩ። ከም ባሩት ውርደትና ዘይኮነስ: ኣቦ ንደቁ ዘለዎ ስምዒት ኢዩ ዘርእየና። ("ፈለማ ባዕሉ ስለዘፍቀረና ንሕና ከኣ ነፍቅሮ "።(1ዮሓ 4:19) ። ስለዚ እምበኣር: "ኣቦ" ዝብል ኣበሃህላ: ኣብ ልቢ እግዚኣብሄር ዘሎ ዕምቈት ናይ ደቂ ሰባት ፍቕርን: ከም ባሮት ዘይኮነስ: ከም

ውሉድ ብምርኣይ ፍቕሩ ዘርኣየና ኢዩ ዝገልጽን ዘረጋግጽን። ኣብ ቅዱስ ወንጌል ብግልጺ ዝበሎ እንተ ረኣናውን (" ንስኻትኩም ኣዕሩኸይ ኢኹም። ደጊም ባሮት ኣይብለኩምን እየ።(ዮሓ 15:14–15)። ኢዩ ኢሉ ዘሎ።

ተ: ንሕና ምድራውን "ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና" ኢልና ንጽወዓካ:

ካብ ልዕልናኻ! ናባና ከም ደቕኻ ጠምተና። መገድኻ መሃረኒ ጎደናኻን ኣፍልጠኒ ። ናብቲ ቅኑዕ እትብሎ ምርሓና እሞ: ኣብ ጉዕዞና ድማ ሓይልኻ ሃበና ። ገለ ከይለመንና ከሎና: ኣብ ቅድሚ እቲ " ኣቦና " ዝብል ኣባሃህላ ደው ከንብል ዘኽእለና ምስልኻ ሃበና ። ከማኻ ኣባ ምህላውና ንዓና እኹልን ተሩፍን ኢዩ። ንሱ ሰማይን ምድርን መልኣተንን ዝፈጠረ: ንሱ መወዳእታ ዘይብሉን ምብጻሕ ዘይክእልን ፍቕሪ ኢዩ።

ኣቦና ክንብል እኹል እዩ። እቲ ዝተረፈ: ሕቡእን ግሁድን እትፈልጥ ንስኻ ትፈልጦ ኢኻ,,,, ነፍስ ወከፍና: ከም ሓደ ውሉድ እሞ ድኹም ኢልዎ ናብ

ኣቦኡ ተጻጊዑ: "ዎ ኣቦይ" እናበላ እናበለ ናብ ሑቐፊ ኣቦኡ ዝሕቆፍ እሞ: ኣቦኡ ድማ ውልዱ እንታይ ከም ዝደሊ ብዝግባእ ዝርደኣሉ: እምበር እንታይ ከም ዝደሊ ዘይሓትቶ: ምስ ኣምላኽ ከምኡ ኢና።

ምዕራፍ ሽዱሽተ
ኣምላኽ ፈቃር ኢዩ!

ዎ ኣቦይ ንስኻ ብፍቕርኻ ወሊድካኒ ኢኻ: ፍቕርኻ እንተ ዘይኸውን ኔሩ ውሉደይ ኢልካ ኣይምበቓዕኩን። እታ ነቲ መስኪን ካብ ሓመድ ዘተንሰኣት ንድኻ ድማ ካብ ድኽዊ ኣልዒላ ምስ መሳፍንቲ : ምስ መላእኽትን ሊቃናተ መላእኽትን ኮፍ እተብል ፍቕርኻ እንተ ዘይኮይኑ ኣነ ምናምን ምኾንኩ። ቅዱስ ዮሓንስ እውን ነዚ ምስ ተገንዘበ ኢዩ ከምዚ ዝስዕብ ዝበለ: (" 1ይ ዮሃንስ 3 (1 John)
1፤ ርኣዩ፡ ውሉድ ኣምላኽ ክንብሀል፡ እቲ ኣቦ

ኸመይ ዝበለ ፍቕሪ ሀበና።(1ዮሓ 3:1") ።
"ኣቦና" ኢለ ክጽውዕ እንከለኹ: ፍቕርኻ ጥራይ
★ኣይኮንኩን : እንታይ ደኣስ ትሕትናኻ እውን ኢየ
ዝዝክር።
ኣምላኽ ካብ መሬትን ሓመድን ንዝመጸ ሰብ : ንሱ
ጥራይ እውን ኣይኮነን: ንዑቕን ሕሱርን ንዝኾነ
ፍጥረት ውሉድ ጌሩ ክቕበል ከመይ ጌርካ ይሕስብ፧
(1 ቈረ 1:28) ህዝቢ ክንኮኖ ስሙ ክንስከም
እምበር ከኣ! "ዎ ጐይታ በዛ ትሕትና እዚኣ ናብታ
ኣምላኽ ኣቦኣ : ደቃ ድማ ደቂ ሰባት ዝኾነት
ስድራቤት ኣእቲኻና"። እወ ኩሎም ንጹሃት ውሉድ
ኣምላኽ ኢዮም። ውሉድ ኣምላኽ ምኳንካ እንተ
ዘኪርካ: ምስሊ ኣምላኽ እውን ኢኻ ማለት ኢዩ።
እሞኽ ንስኻ ምስሊ ኣምላኽዶ ኢኻ፧ ብመልክዑዶ
ኣለኻ፧ ከም ግቡእ: ውሉድ ኣቦኡ ዘፍቅርን ዝእዘዝን
ክኸውን ኢዩ ዝግባእ እሞ: ንስኻኸ ኣቦኡ ዘፍቅርን
ዝእዘዝንዶ ኢኻ፧ ኩሉ ዝርእየካ ብሓቂ ውሉድ
ኣምላኽ ኢዩ ኢሉዶ ይምስክረልካን ብኸምኡ ዓይኒ
ይርእየካን፧ ደቂ ሰባት ኣባኻ ምስሊ ኣምላኽን
መግለጺታቱን ኣባኻ ይረኽቡዶ ፧ ማለት ናይ

ክርስቶስ ትሕትና: ይቕሬታ: ለውሃት: ጠበብን ፍልጠትን ኣባኻ ይረኽቡዶ፤ እቲ ካብ ዓለም ብሉጽ ናይ ክርስቶስ ምስሊ ኣባኻ ይረኽቡዶ፤ እቲ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዘሎ ኩሉ ገጽካ ብንጽህናን ብቅድስናን ብሰላምን ህድኣትን የንጸባርቕዶ፤ ንስኻ በቲ ናይ ክርስቶስ ሕይወት ብዕምቈት እትሓልፍ ሰብ ዲኻ፤ እዚ እምበኣር እዩ እቲ ዝድለ ዘሎ።
ውልድነት ኻዓና እትወሃብ ህያብ ጥራይ ዘይኮነትስ: ንሳ እውን መሰልን ግቡእን ዘለዋ ኢያ ።
ንሕና "ዎ ኣቦና ንስኻ ብሓቂ ኣቦይ ኢኻ" ክንብል ከሎና: ንሱ ድማ "እሞ ንስኻኸ ውሉደይ ዲኻ ፧" ኢሉ ኢዩ ዝሓትተና።
እዛ ኣቦነት እዚኣ ካብኡ ዝተዋህበትና ከም ምኽና መጠን: ብወገንና ድማ ስምዒትና ክንህባ የድሊ።
ዎ ጐይታ ንስኻ ብለውሃትካ ፍቕሪ ተቕርበልና።
ሳበት ከኣ ንፍቕርኻ ብፍቕሪ : ንኣቦነትካ ብኽብሪን ኣኽብሮትን ተኣዛዝነትን ክቕበልዎ ይግባእ። ከምቲ ዝተጸወዖ ጸውዓ ኮይኑ ይመላለስ (ኤፌ 4:1)።

ምዕራፍ ሸውዓተ

★ውልድነትና ካብ ኣምላኽ

ካብ ኣምላኽ ውሉድነትካ ኣብ ሰም ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን: እንታይ ደኣስ ሕይወት ኢዩ።

በዛ ህይወት እዚኣ ደቂ ኣምላኽን ደቂ ድያብሎስን ይልለዩ ይግለጹን (1ዮሓ 3:9–10) ኣብ ጸሎትካ ኣቦናዶ ትብል፤ ሰናይ ገበርካ። ይኹን እምበር ውሉድ ምስሊ ኣቦኡ ብምልኣት ክህልዎ ይግባእ ። እነሆ ድማ እቲ ሃዋርያ ብዛዕባ ውሉድ ክኾኖን ክገብሮን ዝግባእ ግዴታ እንክገልጽ: ከምዚ ይብል: "ንሱ ጻድቕ ምኻኑ ትፈልጡ እንተ ኼንኩምሲ፡ ጽድቂ ዚገብር ዘበለ ኹሉ ኻብኡ ኽም እተወልደውን፡ ፍለጡ።(1ዮሓ 2:29)።" እም ፍቕረይ ንስኻኽ በዚ ርድኢት እዚዶ ውሉድ ኮይንካ ኣለኻ ፤ ንኽንቱ ከይንምካሕ ። ኣይሁዳውያን ብኣቦነት ኣብርሃም ክምኩሑ ምስ ሰመዖም: ዮሓንስ መጥምቕ ከምዚ በሎም (" ብልብኹም፡ ኣብርሃም ኣቦ ኣሎና፡ ከም እትብሉ ኣይምሰልኩም።"(ማቴ 3:9)። ጐይታ እውን ከምዚ ክብል ገሰጾም (" የሱስ

ከኣ፥ ውሉድ ኣብርሃም እንተ ትኾኑስ፡ ግብሪ ኣብርሃም ምገበርኩም ኔርኩም።"(ዮሓ 8:39)። እምበኣር: "ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና " ክትብል ከሎኻ: ናይዚ ሃዋርያ ኣበሃህላ ኣብ ቅድሜኻ ኣቕምጥ። ("እቲ ኻብ ኣምላኽ እትወልደ ዘበለ ርእሱ ይሕሉ፡ እቲ እኩይውን ኣይትንክየን እዩ።"(1ዮሓ 5:18)። ካብ ኣምላኽ ስለ ዝተወለደ ክብድል እውን ኣይከኣሎን ኢዩ (1ዮሓ 3:9) ። ትብድል እንተሎኻ ግና ከመይ ጌርካ ኢኻ ንፍስኻ ኣብ ወሎዶ ኣምላኽ ውልድነት ኣለኒ ክትብል ትተብዕ እሞ: "ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና" ክትብሎ፡ በዚ ምኽንያትዶ ኣይኮነን ኢዩ እቲ ጥፉእ ወዲ ነቦኡ (" ወድኻ ክስመ ኣይበቕዕን ኢየ (ሉቃ 15:21 ") ። ስለምንታይ ፡ መኽንያቱ እቲ ካባኻ ዝተወለደ ኣይብድልን ኢዩ። ኣነ ግና : ኣብ ቅድሜኻ ሓጢአ ኢየ። ዘማራይ ዳዊት ዝበሎ እውን ተመሳሳሊ ኢዩ። (" ኣነ ንኣኻ ጥራይ በደልኩ፣ ኣብ ቅድሜኻ እከይ ገበርኩ።"(መዝ 51:4)።

ውሉድ ዝሰመኻኒ ዎ ኣምላኽ ትሕትናኻ ዘርእይ

ኢዩ።
ውሉድ ዝሰመኻኒ ፍቕርኻን ትሕትናኻን ደኣ እምበር: ንስኻ ባዕልኻ("ብፍሬኣም ከተለልይዎም ኢኹም" ማቴ 7:16) ዝበልካ: ንውሉድነትካ ዘረጋግጽ ግብሪ የብለይን ። እታ ኣብ ቅድሜኻ ፍረ ዘይትፈሪ ገረብ ደኣ እንታይ ኢኻ ክትገብራ፡ መላእኽትኻ እንታይ ኢዮም ክገብርዋ፡ እምብዛ እፈርህ ኣለኹ ዝበሎ ባርያኻ ዮሓንስ: (" እነሆ ሕጂ ድማ ፋስካ ኣብታ ናይ ባህሪ ገረብን ኩሉ ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ኣምን ፋስካ ተንብር ኣለኻ") ኣይፋልካን ጐይታ ካብዛ ናይ ባህሪ ገረብ ፋስካ ንቕሩብ ግዜ ኣልዕለልና ንሓንቲ ዓመት ሕደጋ እሞ: (" ሉቃ 13:8) ንንሰሓ ዕድል ሃባ።
ሰማያዊ ኣቦይ እመነኒ: ኣቦነትካ ከምቲ እምብዛ እተኽርዓኒ: ብዝያዳ ግና ኣብ ቅድሚ ሕልናይ ተሕፍረኒ ። ኩሉ ግዜ "ኣቦና" ኢለ እንክጽውዕ: ኣነ መን ምኳነይን ንስኻ ኣብ ሰማያት እትነብር መን ምኳንካን: እዝክር እሞ: ነፍሰይ ኣብ ውሽጠይ ትፈስስን: ኣብ መሬትን ሓመድን ትቕጥቀጥን ። ከመይሲ : እቲ እዛ ውልድነት ካብይ እትጽበዮ

የረኣእዮ እሞ: ኣቦ ኢላ እናጸዋዕኩኻ ከንሰይ ከም ውሉድ ምስ ኣቦ ዘሎ ምስሊ : ኣይመላለስን ። ከምቲ ኣብ መጀመርታ ክትፈጥረኒ እንከሎኻ ዝነበረኒ ምስሊ ኮነ መልክዕ ኣይብለይን ። በዚ ከኣ ብሰንከይ ቅዱስ ስምካ ከይጽረፍ እፈርህ ።(ሮሜ 2:24)።
ተቢዐ ናብዛ ናይ ጐይታ ጸሎት ከምዚ ኢለ ሓዳስ ልመና ከቕርብ ፍቕደለይ: ውሉድካ ተባሂሉ ምጽዋዕ ክኸውን ካብ ፈቐድካለይ: "ምስለኻን: ከም ውሉድ ክመላለስ ዘኽእለኒ ሓይልን" ሃበኒ።
ንሳኻዶ ኣይኮንካን (" ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም።(ዮሓ 15:5") ዝበልካ ፧ ስለዚ ዎ ጐይታ ዕዮኻ ዝዓየሉ ክእለት ሃበኒ ። ከምኡ ብሰናይ ድሌት ንሰናይ ዝዓየሉ ሸውሃት ከኣ ሃበኒ ። ቅዱስ ሃዋርያኻ ዝበሎ እውን ንሱ ኢዩ (" እቲ ምእንቲ ጽቡቕ ፍቓዱ ኢሉ፡ ኣባኻትኩም ድሌትን ግብርን ዚገብርሲ ኣምላኽ እዩ።(ፊሊ 2:13)።
ቅዱስ መንፈስካ ኣባይን ምሳይን ኮይኑ ክዓዩ ሃበኒ እሞ: ሽዑ ንዓኻ ዝበቕዕ ውሉድ ኮይነ ክትርእየኒ ኢኻ።

ተ: ከምቲ ስምካ ከም ውሉድካ ዝሃብካኒ: ምስልኻ

እውን ሃበኒ።

ብናይ ገዛእ ርእሰይ ገድሊ ጥራይ ክበጽሑ ኣይከኣለንን ኢዩ እዩ እሞ: ምስልኻ ብነጻ ህያብ ከምቲ ክትፈጥረኒ እንከለኻን ኣብ ዕለተ ጥምቀተይን ብነጻ ኣምላኻዊ ውህበት ከይለመንኩኻ ዝሃብካኒ ሃበኒ። ፍቑር ሃዋርያኻ ደው ኢሉ በቲ ጥዑም ምዛሙሩ እናዘመረ : ("ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለበስክምዎ። ("ገላ 3:27) ። ከምዚ ኢለ ኢየ እምበኣር ውልድነትካ ዝተቐበልኩን ምስልኻን ዝወሰድኩን እሞ: ኣብዛ ውልድነት እዚኣን ኣብዛ ምስሊ እዚኣን ዓቕበኒ።

ምዕራፍ ሸሞንተ

★ ኣምላኽ ኣቦና ኢዩ!

"እትነብር ኣቦና" እትብል ኣበሃህላ ዓባይ ሃፍቲ ኢያ።

ገፊሕ ባሕሪ እውን ኢያ። ከነመስግነላ እንተደሊና: ሰንኪ ሕጽረት ግዜ ኣይንበጽሓን። ሕጂ ኩሉ

እንኽእሎ ብኣኻ ምሕባን ጥራይ ኢዩ። እወ ከማኻ ዝበለ ኣቦ ስለዘሎና ንሕበን ። ንሱ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ: ንሱ ዘይውሰንን ዘይብጻሕን ፈቃር ኢዩ። ኩሉ ስልጣንን ኩሉ መሰልን ዘለዎ ኣቦ ኢዩ ። እንተኾነ ንስልጣኑ ከምቲ ፍቕሩን ድንጋጼኡን ኣብ ልዕሌና ብዙሕ ኣይትግብሮን ኢዩ። "ኣታ እትነብር ኣቦና" ዝብል ኣበሃህላ ብኻልእ ትርጉም ብኽምዚ መልእኽቲ ተመሓላልፈልና ኢያ:
እቲ ዝጽልይ ሰብ ምስ ኣምላኽ: ኣብ ክንዲ ብንጽል ብናይ ሕብረት ኢዩ ዝዛረብ። ድማ ይብል: ዎ ኣቦይ ዘይኮነስ ዎ ኣቦና ይብል። እቲ ዝተረፈ ብተመሳሳሊ ጠባይ ። እንጌራና: ሎሚ ሃበና: ሕደገልና: ኣብ ፈተና ኣይተእትወና: ካብ ክፉእ ሰውረና :ወዘተ,,,። ንገዛእ ርእሱ ሕድገት ጥራይ ኣይልምንን: እንታይ ደኣስ: ጐይታ ንኹሉ ይቕረ ምእንቲ ክብል ኢዩ ዝልምን ። ከምኡ እውን ነፍሱ ጥራይ ንኽትድሕን ዘይኮነስ: ኣድሕነና ኢዩ ዝብል። እዚ ግሊ ጸላዩ ሓደ ክፉል ናይቲ ሕብረት ኮይኑ ስሌኣ ኢዩ ዝልምን። ሃዋርያ ጳውሎስ ("ሓደ ኣካል እንተ ተሰቀየ፡ ኩሉ ኣካላት ይስቀ፡ ሓደ ኣካል እንተ ኸበረ ኸኣ፡ ኩሉ

ኣካላት ሐቢሩ እዩ ዚሕጐስ። ("1ቈረ 12:26)። ንሱ ካብ እቶም ካልኦት ኣሕዋቱን ለምናኣምን ተነጺሉ: ኣብ ገዛእ ርእሱ ዝተመስረተ ሰብ ኣይኮነን ። እኳ ደኣ ንኹሉ ሰብ ዝምልከቶ ነገር ይስመዖ: ንኣምላኽ ከኣ እቲ ዝወሃቦ ክወሃቦም እቲ ካብኡ ክርሕቀሉ ዝደሊ ንኽርሕቀሎም ይልምኖ። ጸሎት "እትነብር ኣቦና" ካብ ትዕቢት ዝረሓቐት ብፍቕሪ ሙሴን ጳውሎስን እትዝከር ኢያ።
ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ ኣሕዋቱ ብስጋ ዘለዎ ተገዳስነት ክገልጽ እንከሎ ይብል: (" ኣነ ብርእሰይ ምእንቲ እቶም ብስጋ ኣሕዋተይን ኣዝማደይን ውጉዝ ኩይነ ኻብ ክርስቶስ ክፍለ ምደሌኹ።(ሮሜ 9:3)። ክሳብ እዚ ደረጃ ካብ ነፍሱ ንላዕሊ ንኻለኦት ምብላጽ ዘደንቕ ኢዩ። እዚ ናብ መንግስቲ ሰማይ በይኑ ምእታው ናይ ዘይምህላው ስምዒት ኢዩ። ተመሳሳሊ ናይ ነቢይ ሙሴ " ነዚ ሓጥያተይና ህዝቢ ኣጥፊኡ ካልኦት ህዝቢ ከተንሰኣልካ ኢየ "ኢሉ ምስ ተዛረቦ: ንኣምላኽ ዝበሎ: ("ዎ ጐይታ ስለምንታይ ኩራኻ ኣብ ህዝብኻ ይነድድ፧,,, ሕጂ ድማ ሓጢኣቶም ይቕረ በለሎም፡ እንተ ዘይኮነስ ካብቲ

ዝጸሐፍካዮ መጽሓፍካ ሕኸኽኒ፡ በለ።(ዘጸ 32:11/32) ። "ኣቦና" እትብል ቃል ውልቃውነትን ካብ ገዛእ ርእስን ተጥፍኣ ኢያ። ምስ "ኣቦይ" ክዛረብ እንከለኹ ከም ኣባል ናይ ሓንቲ ዓባይ ስድራቤት: ከም ክፉል ናይ መላእ ሕብረተሰብ ዓለም ዘላ ሃዋርያዊት ቅድስቲ ቤት ክርስትያን ኮይነ ኢየ ዝዛረብ። ንስኻ ናይ ብሕተይ ኣቦ ጥራይ ዘይኮንካስ ናይ ዓለም ብመላኣ ኣቦ ኢኻ ። ናይ ኩሎም ዝፈለጡኻ ይኹነ ጌና ዘይፈለጡኻ ሰባት ኣቦ ኢኻ። ንስኻ ኣቦይን ኣቦ ረዳኢ ዘይብሎም ዝተረስዑን ኢኻ። ንስኻ ኣብ ቤት ክርስትያን ኣቦይን ኣቦ ኩልናን እኻ እሞ: ስምካ ንኽቕደስ ንኹሉም ክትሕልዎም እልምነካ ኣለኹ። ኣብ ግዜ ጸሎት እምበኣር እዚ ስምዒትዚ ኢዩ ዘለና። መኽንያቱ ካብ መላእ ቤት ክርስትያን ዘይንንጸል ክፉላ ኢና። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ጸሎትና ንመላእ ዓለም ንዝክር።
እዚ ዓይነት ጠባይ ጸሎት ግና ኣብ ጸሎት ጐይታ ጥራይ ዝድረት ዘይኮነስ: ኣብ ኩሉ ጸሎታትና ብኽምዚ ኢዩ ተሰሪዑ ዘሎ።
መዛዘሚ ናይ ነፍስወከፍ ጸሎት ሸውዓተ ሰዓታትና ብኽምኡ ንውድእ። "ዎ ኣምላኽ መሓረና,,,, ዎ

ቅዱስ መሓረና,,,ኩለንተናና ኣንጽሕ,,,ንኣእምሮና ኣበራብር,,,, ብቅዱሳን መላእኽትኻ ክበበና,,, እዚ ኩሉ ብሕብረት ወይ ብድርብ ስም ኢዩ ። ኣብ ሰለስቴኣም ቅዳሴታትና እውን: ውርድ እሞ በደላትና ይቕረ በለልና ,,, ከምኡ እውን "ዎ ጐይታ ዝሓመሙ ህዝብኻ ዘክር እሞ ምእንቲ ቅዱስ ስምካ ኢልካ ፈውሶም ።" ዎ ጐይታ ናይ እቶም ዘዕረፉ ኣቦታትናን ኣሕዋትናን ነፍሳት ኣዕርፍ ። ኣብ ጸሎት ሃይማኖት እውን እቲ ዝጽሊ ሰብ: እኣምን ኣይኮነን ዝብል: እንታይ ደኣስ: ብናይ ሕብረት ኣበሃህላ ብሓቂ ብሓደ ጐይታ ንኣምን ። ከምዚ እንብለሉ መኽንያቱ ጐይታ መድሓኒ ዓለም ከንሱ: ብዙሓት ንጐይታ ከም ናይ ግሎም መድሕን ጥራይ ጌሮም ስለ ዝሓስብዎን ናይ ኣሕዋቶም ምድሓን ስለ ዝርስዑን ኢና።
ጐይታ እምበኣር ኣብዛ ጸሎት እዚኣ ከም ጌርና ከም እንጽልይ ኢዩ ዝምህረና።
ኣብዛ ዝመሃረና: ኣብ ጸሎታትና ንኹሉ ንዝክር ። ብሓቂ ዎ ጐይታ ንስኻ ኣቦይ ኢኻ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ከኣ ኣቦ ኩሉ ኢኻ ። ስለዚ ከኣ ክዛረበካ

እንከለኾ: ከም ናተይ ኣቦ ጥራይ ዘይኮንኩስ: ከም ሓደ ካብ ብዙሓት ኣሕዋተይ: " ኣቦና " እንዳበልኩ ከም ነፍሰይን ቅድሚ ነፍሰይን ዝዝክሮም።

ምዕራፍ ትሸዓተ
ጽሎት :ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦናን" ናይ ሕብረት መንፈስን:

ኣብዛ ጸሎት ጐይታ ናይ ግሊ ጸሎት ኣይርከባን ኢዩ,,,
እቲ መኽንያት ድማ :ሰብምእንቲ ኩሉ ሰብ ደኣ እምበር ምእንቲ ውልቁ ጥራይ ከም ዘይጽልይ የረድኣና ። ዋላ ኣብ ኣብ ብዓትታት ኣብ እምባ ኮይኑ ከይተረፈ ልቡ ብዛዕባ መላእ ዓለም ዝሓስብ ሰብ ኣሎ።
እዛ ናይ ሕብረት መንፈስ ክንደይ ትጽብቕ ። በድልና ሕደገልናን ሕደገለይን: እቲ መንፈሳዊ እንጌራኻ እውን ንኹልና: ንኹልና ኣድሕነና። ዎ ጐይታ! ምእንቲ ነፍሰይን ምእንቲ መሓዙተይን ጎረባብተይን መላእ ዓለም ክጽሊ እደሊ ኣለኹ። ኣብ ዓለም

ንዘለዉ ቅባጸት ክገብር ኣይከኣለንን ኢዩ። መኽንያቱ ሓንቲ ኣካል እንተ ተቐንዘወት መላእ ኣካላት ኢዩ ዝቐንዘ።ዎ ጐይታ! ኣነ ምእንቲ ኩሉ እልምን ኣለኹ። መኽንያቱ: ምናልባት ከምቲ ሓጥያተይ ብሰንኪ ናይ ብዙሓት መጺኡ ክኸውን ተኽእሎ ዘሎ: ከምኡ ድማ: ብሰንኪ ናይ ብዙሓት ሰናይ መረኣያ ዘለዎም ሰባት ንዓለም ረብሓ ኢዩ። ዎ ጐይታ! ነፍሰይ ካብ ኣብ ዓለም ዘሎ ክፈሊ ኣይከኣለንን ኢዩ። ስለዚ ከምዚ እብል ",,,ኣቦና,,,,,። ኣብ ጸሎት ደው ኣብ እትብለሉ ግዜ እምበኣር ነፍስኻ ረስዕ ። ኣየ ነፍስና ረሲዕና ብዛዕባ ካልኦት ክንሓስብ እንተ ንጅምር! ብርግጽ ጐይታ ከይለመንናዮ ባዕሉ ምዘከረና ኔሩ። ከምኡ ድማ ኣምላኽ ኣቦና ምኻኑ ክንዝክር እንከለና: ቤት ክርስትያን ድማ ኣዴና ምኻና ንዝክር ። ንሕና ብዘይ ኣደነት ቅድስቲ ቤት ክርስትያን: ደቂ ኣምላኽ ክንከውን ኣይንኽእልን ። ብእምነት እንድየ ውሉድ ኮይነዶ ትብል ኣለኻ፤ እዛ እምነት እዚኣ ብስብከትን ኣገልግሎት ቃሉን ዝሃበትካ ቅድስቲ ቤት ክርስትያንዶ ኣይኮነትን ፧ ንስኻ ኣሚንካን

ተጠሚቕካን ውሉድ ኣምላኽ ኮይንካ ። እዚ ኩሉ ብመንገዲ ቅድስቲ ቤት ክርስትያን ኢዩ። ስለዚ ከኣ ገለ ቅዱሳን ከምዚ በሉ:" ሓደ እኳ ኣዴኡ ቅድስቲ ቤት ክርስትያን እንተ ዘይኮይና: እግዚኣብሄር ኣቦኡ ክኸውን ኣይከኣለን "። ቅድስቲ ቤት ክርስትያን እምበኣር ኣዴኻ ኢያ : መኽንያቱ መርዓት ክርስቶስ ስለዝኾነት። ከምኡ ከኣ ኣካላታ ኣሕዋትካ ኢዮም። ንስኻ ድማ ምእታኣን ምእታኦምን ክትጽሊ ይግባእ ። ከምዚ ኢልካ ለምን "ዎ ኣቦና" ። በዚ ኣጋጣሚ ከኣ ከምዚ በሎ: " ኣቦነትካ ከም ቅጽል ስም ዘይኮነስ: ሓቀኛታት ውሉዳት ክንከውን ሃበና: ከምቲ ውሉድ ክኾኖ ኮይንና ክንመላለስ ደኣ ሃበና: ድኻም ተፍጥሮና ትርዳእ ኢኻ እሞ: ብእኡ ኣይተቆጠዓና ኣሜን"።

*** ወደየ ልብኻ ሃበኒ እንተ በልካኒ** : ኣነ ድማ ኣቦየ ልብኻ ሃበኒ እብለካ።

እቲ ኣብ ልብኻ ዘሎ ፍቕርኻ: ናፍቆት: ኣምላኻዊ ረድኤት ሃበኒ። ሽዑ ሓቀኛ ውሉድካ ኮይነ ክትርእየኒ ኢኻ ። ኣነ ንስኻ ዘይሃብካኒ ዝህበካ የብለይን ክህበካ ኣይክእልን እውን።

ምዕራፍ ዓሰርተ
ኣብ ሰማያት

ኣብ ሰማያት ዝብል ኣብሃህላ እንታይ ማለት ኢዩ፧
ቀዳምነት! ነቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦናን ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣቦናን ንምፍላይ። ነፍስ ወከፍ ሰብ ዘድልዮ ዝሓቶ ኣብ ምድሪ ስጋዊ ኣቦ ኣለዎ ። ከምኡ እውን መንፈሳውያን ኣቦታት ከኣ ኣለውዎ። እዚ እንልምኖ ዘለና ኣቦ ግና እቲ ኣብ ሰማያት ዝነብር ኣምላኻዊ ኣቦ ኢዩ።

ኣብ ሰማይ ዘይኮነስ ኣብ ሰማያት ።
መኽንያቱ ካብ ሓደ ሰማይ ንላዕሊ ደቂ ሰባት ዝበጽሕዎ ሰማያት ስለዘሎ። በረርቲ ኣዕዋፍን ሰብ ዝሰርሐን ነፈርትን ዝበርራሉ ሰማይ ኣሎ። ከምኡ ድማ ከዋኽብትን ወርሕን ጸሓይን ዝርከብሉ ሰማያት ኣሎ ። ካልእ ሰማይ ከኣ: ኤልያስን ሄኖክን ከምኡ እውን ሃዋርያ ጳውሎስ ዝተመሰጠሉ ሰማይ ገነት ኣሎ። እዛ ሰማየ–ሰማያት እትጽዋዕ ሰማይ እዚኣ ግና: ከምቲ ክርስቶስ ጐይታና ዝበሎ " ብጀካ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማይ እውን

ዘሎ:ሓደ እኳ ናብ ሰማይ ዝደየበ የሎን "(ዮሓ 3:13)ዝበሎ : ክሳብ ሕጂ ካብ ፍጥረት ዘይበጸሓ ሰማይ ኢያ። ንሳ ሰማየ ሰማት ኢያ (1ነገ 8:27)። እዚ ሰማያት እዚ ኩሉ ምድሪ ነይሩ እንተ ዝነብር: እዛ ሰማይ እዚኣ ግና: ዝፋን እግዚኣብሄር ኢያ`ሞ ብርኽ ምበለት ። ከመይሲ ንኣምላኽ "ሰማይ ዝፋኑ ምድሪ ድማ መርገጽ እግሩ "ተባሂልሉ ኢዩ።
በዚ ከኣ ልዕልና ኣምላኽን ክብሩን ንዝክር።
እግዚኣብሄር እምበኣር ማንም ኣቦ ዘይኮነስ: ሰማያዊ ኣቦ ኢዩ። ኣብኡ ፍቕሪ: ክብሪ: ድንጋጸ ኣሎ። ኣብ ሰማያት እትብል ቃል ምለኣት ናይዚ ኣቦ እዚ ልዕልና ክእለቱ ክንሓስብ ኢያ ትገብረና።
እቲ ኣብ ሰማየ ሰማያት ዝነብር ኣምላኽ ዘለዎ ትሕትና ኣጸቢቕ ትገልጸልና። እቲ ኣብ ሰማያት ዝነብር ኣቦና: ምስዚ ኩሉ ልዕልናኡ ናባና ብምውራድ: እቲ ሰማየ ሰማት ዝፈጠረ ኣምላኽ ምስቶም መሬታውያን ምሳና ይዘራረብ ።

ዎ ጐይታ ንስኻ ልዕሊ ደረጃ ኣተሓሳስባይ ልዕሊክበጽሑ ዝኽእልን ኢኻ።

ዝፈተንኩ ፈቲነ: ነቲ ፍጹም መሎኮታዊ ልዕልናኻ ክርድኦ ኣይከኣለንን ኢዩ። እቲ ኣነ ዝፈልጦ ከም መጠን ከምቲ ሰብኣውን መሬታውን ድሩት ዓቕሙን ከም ምኽነይ መጠን ንኡሽተይ ነገር ኢየ ዝፈልጥ። ንስኻ ኣብ ዓቢ ክብርኻን ልዕልናኻን: ንዓይ ውሉድ ክትሰምየኒ: ንገዛእ ርእስኻ ድማ ኣቦ ክትሰምያ ዘገርም ትሕትና ኢዩ። ምናልባት ደቂ ሰባት ነዚ ሸለል ይብልዎ ይኾኑ። ፍቕሪ ኣምላኽ ከም ኣቦነቱ እንዳዘከረ: ክብሩ ከም ኣምላኽ ግና ይርስዕ። ብተግባር "ዎ ኣቦና " ክንብል ጸኒሕና: ኣብ ሰማያት ከም ዝነብር ምስ ዘከርና ድማ ንሓፍር ። ሽዑ ነፍስና ትስበር እሞ ከምዚ ንብል: (ምስቲ ኣብ ሰማያት ዝነብርን ሰማያት ዝፈጠረን ኣብ ዙርያኡ: መላእኽትን ሓላቕ መላእኽትን: ክሩቤልን ሱራፌኤልን : ኩሎም ናይ ሰማያት ሓይልታትን ዘቕሙ ምሳኡ ዝዛረብስ ኣነ መንየ ፧) ነፍስና ትሕት ትብልን ሓመድ መሬትን ምኳንና ንዝክርን። ካብ ትሕትናኡ ካብ ዝተላዕለ ናብ ጽን ክብል ምኽኣሉ ንዝክር። እዚ ዝብል ዘለኹ: ብዙሓት ድንጋጸ ኣምላኽ ኣባና ዘለዎ ኣቦነቱ እንተ ኣርኣየና: ክብሩን

ልዕልናኡ ዝርስዑ ስለዘለዉ ኢየ። ፍቕሪ ብዝብል ስም ድማ ፍርሃት እግዚኣብሄር ነጠፍእ ። ንኣምላኽ ዘለና ክብሪ ብምጥፋእ ድማ: ኣብ ጸሎትና ክብሪ ብዝሰኣነ ኣገባብ ኣብ ቅድሜኡ ደው ንብል።
(ኣብ ሰማያት) ብዝብል ኣበሃህላ ግና ከምዚ ትብል: እታ ኣነ ምስ ኣቦይ ዝልምነላ ዘለኸ: እታ ምሳይ ዝዛረበላ ዘሎ ናይ ኣምላኸይ ክብሪ ኣይተረሰዓንን ኢያ።
(ኣብ ሰማያት እትነብር) ዝብል
ኣበሃህላ: ንኽንሰግድ ርእስና መሬት
ክትንክፍ: ንምብርኪኽን ንሓፍርን እሞ: ኣብ ጸሎትና ጽቡቕ ኣከዳድና ተኸዲንና ኣሳእንና ኣብቲ ቅዱስ ስፈራ ብምውጻእ ንጽሊ። ንጸሎት ምስ ቆምና እውን እንተኾነ: ብዘይ ምስልካይን ብዘይተገዳስነት ናይ ሓሳብን ህዋሳትን ክኸውን ኣይግባእን ። እንታይ የግዳስ ምስ ሰማያዊ ኣቦ ንዘራረብ ምህላውና ተገንዚብና ብምስትውዓል ክንቀውም ይግባእ: ኣብ ቅድሜኡ ሰማያት እኳ ንጹሃት ዘይኮና: ንመላእኽቱ እኳ ከይተረፈ ጎደሎ ምኳኖም መጽሓፍ ቅዱስ መስከረ (ኢዮ 4:18)።

ዎ ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር,,,,

ኣብ ሰማያት ዝነብር ምሳኡ እንዘራረብን ብእኡ እንድሰት ኣቦ ምህላውና ንሕና ንሕበን ኢና። ካብ ሰባትከ ከም ኣቦይ ፈታዊ መን ኣሎ፤ ዳዊት ከኣ ከምዚ በለ " ዎ ጐይታ ካብ ኣማልኽቲ ዝመሳሰለካ የሎን " ዎ ጐይታ ከማኻ መን ኣሎ፤ ኣቦና እምበኣር እቲ ዘይውሰን ኣምላኽ: ንምልኣቱ ኮነ መንነቱ ዝውስኖ ዘየለ ኢዩ። "ኣቦና" ክዛረበካ እንከለኹ: ልበይ ኣባኻ ንዘሎ ክረክብ ዝከኣሎ ኣይኮነን: ከመይሲ ምስቲ ኣብ ኩሉ ነገር ምሉእ ዝኾነ ኣምላኽ ኢየ ዝዛረብ ዘለኹ። እወ ምስቲ ንበይኑ ኣብ ሰማያት ቅዱስ ዝኾነ እዘራረብ ኣለኹ። ብተወሳኺ ሰማያት እተብል ቃል: ነቲ ምድራዊ ሓሳብና ካብ ምድሪ ንሰማይ ሰቒላ: ምድራዊ ነገራት ተረሰዓና። "ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር ንዓኻ ካብ ዘፍቀርኩላ ግዜ ንሰማያት ከኣ ኣፍቂረዮ ኢየ ። ብሰማያት እንክሓስብ ምስ ጀመርኩ: እታ ምሳኻ ዝራኸበላ ሃገር ምኳና ተገንዚበ። ንሰማያት ንስኻ ዘይትርከበላ ኔርካ እንተ ትነብር ኣይመፍቀርክዋን: ከምኡ እንተ ዝነብር

ካብኣ ምድሪ ምበለጸት: ስለዚ ንሕና ንሰማያት እነፍቅራ ንስለኻ ዒና ። እቲ ብዛዕባ ሰማያት ዘይሓስብ ወይልኡ። ብዛዕባ ሰማያዊ ነገር እንክንሓስብ ልብና ይነጽህ ። ናብ ናይ ንጽህና ሓሳብ ክትበጽሑ እንተደለኹም እምበኣር: ካብቲ ዘድክም ምድራዊ ነገር ወጺእኩም: ብዛዕባ ሰማያዊ ነገር ሕሰቡ።እቲ ቀንዲ ጸገምና እምበኣር: ሰባት ብዛዕባ ሰማያዊ ነገር እንዳ ሓሰቡ: ኣብ ስጋውን ምድራውን ምሕሳብና ኢዩ።
ኣብ ሰማያት እንብል: ሓሳባትና ካብ ምድርን ምድራውን ክብ ምእንቲ ክብል ኢና።
ዋላ እኳ ኣምላኽ ኣብ ኩል ቦታን ግዜን ዝርከብ እንተኾነ: ንሕና ግና ኣብ ጸሎትና ጠመተና ንላዕሊ ብምግባር: ንዕብየቱን ልዕልናኡን ምስክር። ከምኡ ከኣ ሕልና ነፍስና ካብ ምድሪ ተላዒላ ምስ ኣምላኽ ዘለዎ ክብ ንኽትብል ኢና። ከምቲ እቲ ኣብ ቤት መቕደስ ዘሎ መብራህቲ ህላዌ ኣምላኽ ኣብ ላዕሊ ምኻኑ ዘመልክት: እቲ ናብኡ ክበጽሕ ዝደሊ ድማ ካብ ምድሪ ተላዒሉ: እንዳ ለዓለ ብምልዓል ናብ መስቀል ብምብጻሕ :ናብኡ ናብ ላዕሊ ክጥምት

ብግዲ ኢዩ።
ኣብ ሰማያት ብዝብል ኣበሃህላ ናይ ዘልኣለም ህይወትና ምስ እግዚኣብሄር ምኳኑ የዘኻኽረና።
ክርስቶስ ኣብ ዳግም ምጽኣቱ ብደመና ምስ መጽአ: ኣብ ሰማይ እንከሎ ክንርእዮ ኢና: ምስኡ ብደመና ክጥልፈና ኢዩ። ንኹሉ ግዜ ድማ ምስኡ ክንከውን ኢና (1ተሰ 4:17)። እዚ እንዳ ዘከርና ድማ :ካብ ካብ ቁሳቁሳዊ ነገራትን: መሬትን ሓመድን መረደረጃና ንላዕሊ ክብ እንዳበልና ኣብ ሰማይ ምስ ጐይታ ንኸውን። ብተወሳኺ ሰማያውያን ከም ምኳንና መጠን: ከም ሰማያውያን ክንመላለስ ከም ዘለና ተዘኻኽረናይ። ናብ መላእኽቲ ኮነ ናብ መንፈሳውያን ቅዱሳን ክንበጽሕ እንኽእል: ብመንፈስ ምስ እንመላለስን ከም መላእኽቲ ምስ እንኸውንን ጥራይ ኢና። ናብዚ ደረጃ እዚ ዝበጽሑን መልኣኽ ዝብል ቅጽል ስም ዝተዋህቦምን ከም በዓል ቅዱስ መጥምቕ ዮሓንስን ኣለው። ነፍሰ ቀባጽያንን ባሕታውያንን ቅዱሳን ኣቦታት እውን ሰማያውያን ሰባት ወይ ከኣ ምድራውያን መላእኽቲ ተባሂሎም ኢዮም ። እዞም ንብሎም ዘለና ኣብ ሰማይ ነይሮም

ኣይፈልጡን: ግና በቲ ዝነብርዎ ዝነበሩ መንፈሳዊ ናብራ ንምድሪ ናብ ሰማይ ቀይሮማ ። ናይ በረኻ ከዋኽብቲ እውን ተባሂሉሎም ኢዩ: መኽንያቱ እታ ዝነብርዎ በረኻ ናብ ሰማይ ስለ ዝቐየርዋ: እቲ ኣብ ሰማያት ዝነብር ኣምላ ድማ ኣብዛ ናብ ሰማይ ዝተቐየረት ቅድስቲ ስፍራ እዚኣ ይነብር።

***ከምኡ እውን ቅድስቲ ቤት ክርስትያን ብሰማይ ትምስል።**

ንሕና በዚ መልክዕ ንሃንጻ: እቲ ኣብኣ ዘሎ መብራህትታታ ንከዋኽብቲ ሰማይ የዘክረና። እቶም ኣብኣ ዘለዉ ኣገልገልቲ ድማ ንቅዱሳን መላእኽቲ ሰማይ የዘክሩና ። ቤት ክርስትያን ሰማይ ኢያ: መኽንያቱ ቤት ኣምላኽ: መላእኽቲ: ሰብን ኣምላኽን ብሓደ ዝነብሩላ ስለዝኾነት ። ኣምላኽ ኣብ ቤት ክርስትያን ናይ ኣምልኾ ስፍራን ይርከብ ። በዚ ኣገላልጻ ኣብ ሰማያት ኣሎ ማለት ኢዩ።

ድንግል ማርያም እውን ሰማይ ተሰምያ ኢያ።

መኽንያቱ መሕደሪት ኣምላኽ ስለዝኾነት ካልኣይቲ ሰማይ ኢያ። ኣምላኽ ኣብኣ ብምውራድ ቃል ዝጸረት ሓቀኛ ሰማይ ኢያ። ንሕና እውን እንተኾነ

በዚ ብቕልል ዝበለ ኣገላልጻ ሰማያት ንኸውን ኢና። እወ ቤት መቕደስ መንፈስ ቅዱስ ንኸውን ። ከምቲ ኣብ ግጥሚ ዝብሎ:
" ንስኻ ብሓቂ ኣብ ሰማያት ኢኻ – እንተ ኩሉ ልቢ ግና ኣብ ፍቕሪ ልዕልናኻ ይነብር" እዚኣ እምበኣር ኢያ እታ ኣምላኽ ዝነብረላ ሰማይ ። ማለት እታ ብፍቕሩ ዝተመልኣት ንጽህቲ ልቢ።

ምዕራፍ ዓሰርተው ሓደ
ስምካ ይቀደስ | ትርጉም ምቅዳስ

ኣብ ንሕና ምስ ኣቦና ኣብ ሰማያት ዝነብር ኢና ንመላለስ ዘለና ። ካብ ደረጃና ኮነ ህዋሳትና ዝለዓላ: ምስቲ ሓደ`ኳ ዝረኣዮ ዘየለ ("ዮሓ 1:18)። እዚ ልዑል ኣምላኽ ካብ ኩሉ ልዕል ዝበለ ዘይረኣ: ዘይብጻሕ: ዘይውሰን ከምዚ እንዳ በልና ንዘራረቦ " ስምካ ይቀደስ " እዚ ኣባህላኻ ደኣሞ እንታይ ትርጉም ኢዩ ዘለዎ፧
ስም እግዚኣብሄር ብሰብ ምቅዳስ ዘየድልዮ ብባህሩ

ቅዱስ ኢዩ ። ንሕና ናብኡ ክንጽሊ እንከሎና ከምዚ እናበልና ኢና: "ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ጐይታ ሰራዊት: ሰማይን ምድርን ብቅዱስ ብኽብርኻ ምሉኣት ኢየን"። " ቅዱስ እግዚኣብሄር :ቅዱስ ሓያል: ቅዱስ ህያው ዘይመውት "። እዚ ኣብ ሰለስቲኡ ቅዳሴታትና ምስጋና ካብቲ ነቢ እሳያስ ዝሰመዖ ናይ ሱራፌኤል ምስጋና ዝተወሰደ ኢዩ (ኢሳ 6:2–3)። ስምካ ይቀደስ ማለት ደኣ እሞ እንታይ ማለት ኢዩ፧
ንሕና ስም እግዚኣብሄር ንኽቅደስ ዘይኮንና ንልምንስ: ከምቲ ንሱ ብባህሩ ቅዱስ ዝኾነ ኣብ ህይወትና ቀዳሲ ንኽኸውን ንዕኡ ንቅድስናኡ ብዝግባእ ኢልና ኢና ንጥቀመሉ።
ሓደ`ኳ ስም እግዚኣቢሄር ብዘይ ተገበአ ክብል ዝተብዕ የለን።
መኽንያቱ ብቲ ሓደ ሽነኽ ናብ ኣምላኽ እትለኣኽ ጸሎት ኢያ ። ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ኢ–ማንነት: ብሰንኪ እቶም ብህላዌ ኣምላኽ ዝኽሕዱን ብስሙ እውን ዘይእመኑን: ነዚ ስምዚ ክብሪ ዘይህቡን: ብኣንጻሩ ግና ብእኡ ዘቋሸሹን ንኻልኦት

ዘጥራጥሩን ዘዕንውፉን: እዞም ሰባት እዚኣም ነዚ "ኣቦና ኣብ ሰማያት ዝነብር " ንኽፈልጥዎን ስሙ ክቕድሱን ንልምን ኢና ። ከም ኣብነት ስለቶም ኣብ ምብራቕ ክፍለ ዓለም ዘለዉ ኣሽሓት ሚልዮናት ንኣምላኽና ጌና ዘይፈለጥዎ ጸሎቶም ናብኡ ዘይኮነስ: ናብ ካልኦት ኣማልኽቲ ከም (በራህማ : ቡዚ: ኮነፍሸን: ዘምልኹ ንጽልየሎም ኢና። ብተወሳኺ ኣብ መላእ ዓለም ዘለው ኣብ ሰበኽ ሳግማዊ ህይወትን ዘይሰልጠኑ ሕብረተሰብን ዘለዉ ኣብ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰብ ውሽጢ
ዝርከቡ: መናፍስቲ: ሓዊ: ወይ ከኣ ናይ ጽውጽዋይ ጀጋኑ ዘምልኹ እምበር ንኣምላኽና ጌና ዘይፈለጥዎ ምእንተኣም: ንሕና ስምካ እዞም ኩሎም ይቀደድ እንዳ በልና ንጽልይ።
ከምቲ ኣብ ልዕሊ ኢ–ኣመንቲን ናይ ዘይሰልጠኑን ዘምልኽዎም ሃይማኖታትን ስሙ ክቅደስ እንጽልዮ: ከምኡ እውን ስም ኣብ ልዕሊ እቶም ዝጸርፍዎ ከይተረፈ ክቅደስ ንጽልይ። ኩሎም ብምኽንያት ኮነ ብዘይ መኽንያት ንኣምላኽ ዝጻረፉ : ናይ ኩሉ ፍሽለታቶም ኮነ ሕማማቶም ወይ ከኣ ህልቂታትን

ሞት መቐርበምን ፈተውትን ኣምላኽ ኢዩ ኢሎም ይሓስቡ እሞ: ነቲ ቅዱስ ስም ኣምላኽ ብድፍረት ይጸረፉን ዘይግባእ ይብሉን። ወይ ከኣ ኣምላኽ ኣብ ሰማይ ኮይኑ ስለ ሰባት ኣይግደስን ኢዩ : ግፍዒ እንከፍጸም ግዲ ኣይገብርን: ንዓለም ኣይቆጻጸር ኣይሕሉ: እንዳበሉ ይኸስዎ። ከምዚ ኢሉ ድማ ማሕበራዊ ኮነ ስነኣእምሮኣዊ ጸገማቶም ናብ ምጽራፍ ስም እግዚኣብሄር ይልወጥ። ብኣንጻሩ ጻድቕ ኢዮብ: ኩሉ ነገር ስኢና ከብቅዕ: ምስ እዚ ኩሉ ዓማጭቕ ጸበባ ግና : ንኣምላኽ ከምዚ እንዳበለ ባረኾ: (" እግዚኣብሄር ሀበ፡ እግዚኣብሄር ድማ ወሰደ። ስም እግዚኣብሄር ይባረኽ።(ኢዮ 1:21)። ገለ ሰባት ኣለው: ግፍዒ እንተወረዶም: ወይ እውን ጸሎት ጌሮም እቲ ዝበሃግዎ መልሲ እንተ ዘይረኸቡ: ስም እግዚኣብሄር ዝጸርፉ ኣለዉ። ንሕና ድማ ስለዞም ከምዚኣቶም ዝበሉ ከምዚ ንብሎ : ስምካ ኣብ ግዜ ቅብጸት: ጸበባ: ኣብ ዕረፍቲ ኣብ ድኻም: ስምካ ይቀደስ ንብል። ከምኡ እውን ስለቶም ጸበባ እተናውጸም እሞ ካብ ምቅዳስ ስም እግዚኣብሄር ዝወጽኡ ንጽልይ ኢና።

ዎ! ጐይታ ስምካ ከም ቀደሙ ኢዩ ኣይቅየርን እውን:

እቲ እሙን ጓሳ: ርህሩህ ኣምላኽ: ዓቃብን ሰታርን: ደጋፍን መድሓንን ጐይታ: ፈቃርን ደንጋጽን ኣምላኽ ንስኻ ኢኻ። ኩነታት ኣብ ቅድሜና ክንዲ ዝጸለመ ይጸልም: ኣብ ዙርያና ዘሎ ኩነታት ብዘየገድስ: ስምካ ብናይ ኩሉ ኣፍ: ብናይ ኩሉ ልቢ: ብናይ ኩሉ ሓሳብ: ይቀደስ ። ስምካ ይቀደስ ብዝብል ኣብሃህላ: ዋላ እኳ ኣብ ልዕሊ ስም ኣምላኽ ብሰንኪ ቃንዛኣም እንተበደሉ:ስለቶም ጸበባ ብጽበባታት ዝድፍኡ ወገናት ንጽሊ። ስም እግዚኣብሄርኣብ ኣብ ቅድሜኣም ፍቕሩን ብጽባቑኣ ከም ቀደማ ከም ዘላ ንኽርድኡ ንጽሊ።

ስምካ ይቀደስ ክንብል እንከሎና: ስም ጐይታ ንከንቱ ንኽይነልዕል ማለት ኢዩ (ዘዳ 5:11)። ንኣብነት ከም ኣብ ቐልዲ ኣይንጥቀመሉን ኢና። ከምቲ ገለገለ ሰባት ስም እግዚኣብሄር ኣብ: ደርፊ: ኣብ ዋዛ: ኣብ ከም መፍትሕ ዛንታታት: ወዘተ,,,,

ንምድናቕም ወይ ንጉድኣቶም ንምግላጽ መንፈሳዊ ኣብ ዘይኮነ ነገር: ስም እግዚኣብሄር ብሓሶት ይጥቀሙ ። ልክዕ ከም ሓደ ብስም እግዚኣብሄር ማሕላ ብሓሶት እንዳመሓላ ንኻልእ ሰብ ክቕዝፈሉ ማለት`ዩ ። ወይ ከኣ ስም እግዚኣብሄር ንኣሸሙር ኣብ ረብሓ ዘይብሉ ጉዳያት ይጥቀምሉ ። ከምኡ ከኣ ነዚ ስምዚ: ኣብ ኩሉ ዘረብኡ ክብረትን ኣኽብሮትን ይጽውዖ ።ንሕና እምበኣር ስም እግዚኣብሄር ኣብ እዞም ኩሎም ሰባት እዚኣም ክቕደስ: ብክብርን ብሚዛንን እምበር ብከንቱ ንኸየልዕልዎ ንጽሊ።

ንሕና ግና ስም እግዚኣብሄር ብኽብሪ ኢና ንጽውዖ።
ብፍላይከኣ ቅዱስ:ቅዱስ :ቅዱስ ወይ ከኣ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ከምኡ እውን ምስጋና ንኣብ ንወልድ ንመንፈስ ቅዱስ ክንብል ከሎና ። ሓደ ካብ ጎይቶት ጻድቕ ኣማኒ ባርያ ነበሮ ይበሃል: እዚ ጐይታ እዚ ብስም እግዚኣብሄር ብዘይ ከውንን ዘይጠቅምን ነገር ቀጻሊ ዝምሕል ነበረ ። እዚ ጻድቕ ባርይኡ ግና ክመኽሮ ኮነ ብሓጥያቱ ክረትዖ ኣይተኻእሎን። እንታይ ደኣ: እታ ጐይታ ሓንቲ ቃል

ብዛዕባ እግዚኣብሄር ጌጋ ክዛረብ እንከሎ: እቲ ባርያ ንብ ምድሪ ተንበርኪኹ ይሰግድ ነበረ። እቲ ጐይታ ብተግባሩ ተደኒቑ ምኽንያት ናይቲ ዝገብሮ ምስ ሓተቶ: እቲ ባርያ ድማ " ከመይከ ዘይሰግድ: ስም እቲ ዓቢ ኣምላኽ ሰማይን ምድሪ ዝፈጠረ እንዳ ተጸውዐ: ሓለቓታት መላእኽቲ ሰማይ ምስ ሰራዊቶምን ኩሎም ናይ ሰማይ ሓይልታትን ዝሰግድሉ ዶ ኣይኮነን ፧ እዚ ባርያ ከኣ ንጐይታኡ ትምህርቲ ኮኖ እሞ: እቲ ጐይታ ድማ ካብ ሸዑ ንደሓር ስም ኣምላኽ ብከንቱ ምልዓል ኣቋረጸ ። ንሕና እውን እምበኣር: ምምሓል ሓዲግና: ስም እግዚኣብሄር ምቕዳድ ንላመድ።

ምዕራፍ ዓሰርተው ክልተ
ስም እግዚኣብሄር መን ኢዩ፧

እዛ ሕቶ እዚ እቲ ኣብ መጽሓፍ መሳፍንቲ ወሪዳ ዘላ ዛንታ: ንማኖኣን ሰበይቱን ሳምሶን ወዶም ከም ዝውለድ ጐይታ ምስ ኣበሰሮም ዝሓተትዎ ሕቶ የዘኻኽረካ ። ማኖኣ ስሙ መን ምኸኑ ንጐይታ

ሓተቶ ። ጐይታ ድማ " ስለምንታይከ ስመይ እትሐትት፤ ንሱ መስተንክር እዩ፡ በሎ።(መሳ 13:18)"።
ናይዚ መልኣኽ ኣበሃህላ ኣብ ነቢይ ኢሳይያስ እውን ተዲጊሙ ኢዩ። ከምዚ ብምባል (" እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኩቡ እዩ፡ ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘለኣለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ።
!እወ ጐይታ ኣብ ኩሉ ነገር መንክር ኢዩ።
መስተንክር ኢዩ ብዘለኣለማውነቱ: መንክር ኢዩ ካብ ዘይምንባር ናብ ምህላዉ ኣምጺኡ ብክእለት ፈጣሪነቱ: መስተንክር ኢዩ ብዘይተበጻሕነቱን(ዘይምርመር) ዘይተራእይነቱ (ዘይርኢ ምኻኑ) : መስተንክር ኢዩ ምስ ኣቦ ዘለዎ ማዕርነት ኣይሓድግን ከይበለ ካብ ድንግል ማርያም ምውላዱ (ተሰጋውነቱ) : መስተንክር ኢዩ ትንሳኤኡን ዕርገቱን።
መንክር ኢዩ ኣብ ኩሉ ተኣምራቱ ። ገባሪ ተኣምር እውን ተባሂሉ ኢዩ።
ኣብ መዛሙር እውን ከምኡ ኢዩ ተባሂልሉ ዘሎ: ("

ዎ ኣምላኽ፣ መገድኻ ብቕድስና እዩ፣ ከም ኣምላኽ ዝበለ ዓብዪ ኣምላኽከ መን ኣሎ፧ ተኣምራት እትገብር ኣምላኽ ንስኻ ኢኻ። (መዝ 77:13–14)። ተኣምራት ዝገብር ንሱ በይኑ ኢዩ (መዝ 72:18) ። (" ናይ ቀደም ተኣምራትካ ኽሐስብ እየ እሞ፣ ንግብርታት እግዚኣብሄር ክዝክሮ እየ፣(መዝ 77:11)። እዚ ዘማሪ ብዕምቈት እንከስተንትን ከምዚ ከኣ ይብል: (" እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት፣ ከማኻ ስልጡን መን እዩ፧ ዎ ጐይታይ፣ እምነትካውን ኣብ ዙርያኻ ኣሎ።("መዝ 89:8)። ከምኡ እውን (" ኣታ፣ ዓበይቲ ግብርታት ዝገበርካ ኣምላኽ፣ መን ይመዓራረየካ፧ (መዝ 71:19)። ይብል ። ኣብ ናይ ጐይታ ጥበብን መንገዱን ከስተንትን ንዝፍትን ሰብ እምበኣር: ክብጻሕ ዘይክል ልዕሊ ኣእምሮን ኢዩ። (ሮሜ 11:33)።
!ጐይታ ኩሉ ብምኽኣሉ መንክር ኢዩ!
ንሱ ልብን ኮላሊትን ዝምርምር ኢዩ። ሓሳባት ሰብ ዘንብብ ዘየሎን ሕቡእን ዝፈልጥ: ናይ ደቂ ሰባት ስምዒታቶምን ድልየታቶምን ዝፈልጥ ኢዩ። እወ

ኣምላኽ እቲ ብደመና ዝመጽእ ብህቦብላ ንፋስ ድማ ዝጎዓዝ (መዝ 104:3)። ጐይታ መስተንክር ጥራይ ዘይኮነ ገባሪ መንክራት እውን ኢዩ።

እዚ መንክር ኣምላኽ እዚ በቲ ሰማያዊ ትምህርቱ: ብትሕትናኡ: ብፍቕሩ ኣብ ደቂ ሰባት: ብሕድገት ሓጥያትን ዝወዓለልና ዓቢ ናይ ድሕነት ስራሕን ኩል እንከነስተንትን: ብምግራምን ብምድንጋጽን ኣእምሮና ምብጻሕ ስኢንዎ ደው ንብል።

ኣምላኽ ነገራት ብምልዋጥን ንሰባት ናብ ረብሕኡ ብምውዓልን መስተንክር ኢዩ ።

እቲ ንጐይታ ብኩናት ጎድኑ ዝውገአ ወተሃደር: ሰማእት ብምኻን ናብ ቅዱስ ኣንጀልዮስ ቀየሮ ። ከምኡ እውን እቲ የማናይ ኢድ ደቕሊጥያኖስ ዝነበረ ኣርያኖስ ናብ ቅዱስ ሰማእት ቀይርዎ ኢዩ። ጐይታ ንስኻ ብሓቂ መስተንክር ኢኻ ። ስራሕካ ከመይ ዝበለ ኢዩ! ነቲ ኣሳፋዲ ሳውል በዓል ጠርሲስ ከመይ ጌርካ ናብ ዝዓበየ ሃዋርያ ናይ ክርስትና ቀየርካዮ ፧ ነቲ ሸውዓተ ኣጋንንቲ ዝነበርዋ ማርያም መግደላዊት ከ ከመይ ጌርካ ናይ ጐይታ ትንሳኤ ንሃዋርያት ኣብሳሪት ጌርካ ለወጥካያ፧ ነታ ሓጥእ

ግብጻዊት ማርያም ከ ከመይ ጌርካ ናብ ናይ ቅድስና ደረጃ ኣብጻሕካያ፧

!ብሓቂ ስም እግዚኣብሄር መስተንክር ኢዩ: ካልእ ቅጽል ኣስማት እውን ዘጠቓለለ ኢዩ።! ነዚ ሰማያዊ ኣቦ በየናይ ስም ከም ዝጽውዖ ኣይፈልጥን ። ንሱ ጐይታን ኣምላኽን ኢዩ ። ንሱ ኣማኑኤል ትርጉማ ኣምላኽ ምሳና ኢዩ (ማቴ 1:23)። ኣብ ዘመነ ብሉይ እውን: ኤሎሄም:ኣዶናይ: ያህዌ: እቲ ዘሎኹ ኢየ እናተባህለ እውን ይጽዋዕ ኔሩ ኢዩ። ኣብ ራኢ ዮሓንስ ከኣ "እቲ ዝነበረን ዘሎን ዝነብርን ኩሉ ዝኽእል " ተባሂሉ ተጸዊዑ ኣሎ። (ራኢ 1:4/8 ። ንጉስ ነገስት ጐይታ ጐይቶት ከኣ ተባሂሉ (ራኢ 19:16)። ናይ ቅዱሳን ንጉስ ከኣ ተባሂሉ ተጸዊዑ ኣሎ (ራኢ 15:3።

ንሱ በይኑ ቅዱስ ኢዩ (ራኢ 15:4)። ንሱ በይኑ ሕያዋይ ኢዩ (ማቴ 19:17)። ንምድሪ ብምልእታ ንሱ ፈጣርን ፈራድን ኢዩ ።(ዘፍ :18:25)። ንሱ ልብን ኮላሊትን ዝምርምር ኢዩ። (መዝ 7:9 ራኢ 2:22)። ንሱ ህያው ኢዩ ዕብ 9:14)። ንሱ

ዘለኣለማዊ ኢዩ (ኢሳ 9:6)። ዘይውሰን ኣብ ኩሉ ዝርከብ: ሓቅን ህይወትን ኢዩ ዮሓ 4:6)። ንሱ ኣልፋን ኦሜጋን ዝነበረን ዘሎን መጀመርታን መወዳእታን ኢዩ(ራኢ 1:8/11/17)። ንሱ መደሓኒ ንሱ እቲ ዘይቕረብ ብርሃን ኢዩ 1ጢሞ 6:16)። እምበኣር ኣስማትን መስመይታቱን እግዚኣብሄር ኩሉ ንኽንገልጽ ግዜ ክሓጽረና ኢዩ ።
ኣብ ክርስትና ድማ ካልእ ስም ሂባቶ ኣላ ንሱ ድማ "ፍቕሪ " ዝብል ኢዩ።
ዮሓንስ ሃዋርያ ድማ ከምዚ ኢሉ ኣሎ " ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፡ እቲ ኣብ ፍቕሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር፡ ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር።(1 ዮሓ 4:16)። ጐይታ ድማ ስም እግዚኣብሄር "ኣቦ: ሰማያዊ ኣቦ ብዝብል ስም ነጊሩና ኣሎ (ማቴ 6:14/26/32)። ንሕና ድማ ኣብ ናይ ጐይታ ጸሎት "ዎ ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር " ኢልና ንጽውዖ (ማቴ 6:9)። እዚ ኣበሃህላ እዚ ኣብቲ ናይ እምባ ስብከት ብዙሕ ግዜ ተደጋጊሙ ኣሎ (ማቴ

5:16/48 ማቴ 6:1 ዮሓ 7:11/21)። ኩሉ ፍጡር ሓደ ወይ ክልተ እንተበዘሐ ሰለስተ ኣስማት ክህልዎ ይኽእል: ናይ ናይ ጐይታ ኣስማይን መጸውዕን ገና ቁጽሪ የብሉን።

!እሞኽ ደኣ ዎ ጐይታ በየናይ ስም ኢና ክንጽውዓካ ፧!

ኣንታ ሕያዋይ ጻሳዶ ንበልካ (ዮሓ 10:11/14) ወይስ ኣንታ ሓቀኛ ብርሃን፤ ዮሓ 1:9 ። ወይ ከኣ ከምቲ ኣብ ጸሎት ስለ ሕሙማት እንብሎ: ኣንታ ሓቀኛ ናይ ነፍስናን ሰጋናን መንፈስናን ፈዋሲ ንበልካ ፧ ወይስ ዎ ስሉስ ቅዱስ ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ክንብለካ (ማቴ 28:19 1ዮሓ 5:7)። ወይ ከኣ ከምቲ ኣብ ጸሎት ምስጋና እንብሎ "ሰማያዊ መጸናንዒ ንጉስ፤ ወይስ ንኹሉ እትቆጻጸር ገባሪ ሰናያት ክንብለካ፤

!ስምካ ኣብ ኣፍ ቅዱሳንካ ጥዑምን ዝተባረኸን ኢዩ!

ስምካ ኣብ ኣፍና ካብ ምምቃሩ ካብ ዝተላዕለ : ልብና ብእኡ ስለ እትፍሳህ ብቐጻሊ ንደጋግሞ ። ስለዚ ከኣ ኣብቲ ናይ ውዳሴ ጸሎትና ከምዚ ንብል: " ቅዱስ ስምካ ምዝካር: ንልብና ሓጎስ መልኦ ።

ከምቲ ነቢይ ዳዊት ኣብታ ዓባይ መዝምሩ ዝበሎ ድማ " ንሕግኻ እምብዛ ኣፍቀርክዎ፣ ምሉእ መዓልቲ ኤስተንትኖ ኣሎኹ።መዝ 119:97።

ምዕራፍ ዓሰርተው ሰለስተ
ኣስላጥነት ስም ጐይታ

ስምካ ምጽዋዕ ጥራይ ዎ ጐይታ ኣብ ግዜ ጸበባታት ምጽንናዕ ይኸውን ። እቲ ሰማያዊ መጸናንዒ ንጉስ ከኣ ንስኻ ኢኻ። ስለዚ ስምካ ምንጪ ሓጎስን ምጽንናዕን ካብ ኮነ: ብኹሉ ልብን ሓሳባትን ስምካ ቅዱስ ይኹን ። ስለዚ ከኣ ኢና ጸበባ ክኸበና እንከሎ "ዎ ጐይታ " ንብል እሞ ንጸናናዕ። ስምካ ብምዝካር ጥራይ ስለ እንጸናናዕ: ንሕና ክንጽልይ እንከለና ከምዚ ንብል: "ኣንታ መጸናንዒ ሰማያዊ ንጉስ,,,," ። ነቲ " ዘዳሉ: ዝዕቅብ: ዝድግፍ: ዝሰትር: ንኹሉ ዝቆጻጸር: ገባሪ ሰናያት: መፍቀሪ ሰብ: መሓርን ይቕረ በሃልን: ስምካ ክንዝክር እንከለና: ልብና ምጽንናዕ: ስምረት: ሓጎስን ደስታን: ይምላእ እሞ:

ኣብ ጸሎታትና ከምዚ ንብል: " ዎ ንነፍስወከፍ እተዳሉ ብምድሓንካ ቃል ኣተኻልና። በዚ ካብ ኩሎም ኣጋንንቲ ናጻ ኮይንና። ስለዝኾነ ድማ ኢዮም ኣቦታትና ኣብ ስምካ ጣዕሚ ስለዝረኸበ: ሽሕ ግዜ ኩሉ መዓልቲ ዝደጋግምዎ ዝነበሩ።
ዎ ጐይታ ስምካ ብምጽዋዕ ጥራይ ኣጋንንቲ ይብህርሩ።
ስምካ ብምዝካር ከኣ ኣብ ማእከልና ትርከብ።
መኽንያቱ ንስኻ ባዕልኻ: " ብስመይ ክልተ ወይ ሰለስተ ብስመይ እንተ ተኣከቡ ኣብ ማእከሎም ክህሉ ኢየ: ማቴ 18:20) ኢልካ ኢኻ። ኣብ ማእከልና እንተሎኻ ከኣ ኣጋንንቲ ይርዕዱ ይፈርሁን ። ስለዝኾነ ድማ ኣብ ነፍስ ወከፍ ጸሎትና ስምካ ብምኽዳም: "ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እንዳ በልና ንፍልሞ። እቶም ጥምቀት ዝኾበሉ እውን በዚ ስምዚ ስለ ዝኾበሉ: ኣጋንንቲ ርዒዶም ካብቲ ተጠማቒ ይርሕቁ ኢ: (ግብ 2:38)።
ስምካ ኣብ ጸበባ ደገፍ ኢዩ ። ከምቲ እቲ ጥበበኛ ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ ዝበሎ: (" ስም እግዚኣብሄር ጽኑዕ ግምቢ እዩ፡ ጻድቕ ናብኡ ጐይዩ የዕቍብ።

(ምሳ 18:10)። ስም እግዚኣብሄር ኣብ ከንፈሩን ኣብ ልቡን ዘንበረ ዘበለ ኩሉ: ኣብ ውሽጡ ሓይሊ ኣምላኽ ይስመዖንሱ: በዚ ስም እዚ ድማ ብዙሕ ስራሕ ክሰርሕ ይኽእል። ኣብዚ ናይ ነቢይ ዳዊት እንተ ዘኪርና: ምስቲ ገዚፍ ጎልያድ ክዋጋእ ምስ ቀረበ ዝበሎ ቃል (" ንስኻ ብሴፍን ብሾናትን ብመዝረቕን ትመጸኒ ኣሎኻ፡ ኣነ ግና ብስም እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ እቲ ንስኻ እተባጭዎ ዘሎኻ ኣምላኽ ጭፍራ እስራኤል እመጸካ ኣሎኹ። (1ሳሙ 17:45)። እቲ መንእሰይ ዳዊት ነቲ ውግእ ብስም እግዚኣብሄር ሰዓሮ። ዳዊት ንጸላእቱ ጥራይ ዘይኮነስ ንኣጋንንቲ ከይተረፈ ኢዩ ስዒሩ። ድማ ከምዚ ይብል " ዎ ኣምላኽ፣ ብስምካ ኣድሕነኒ። (መዝ 54:1)። ቀጺሉ ድማ (" ነፍስና ኸም ዑፍ ካብ መፈንጠራ ሃዳናይ ኣምለጠት፣ መፈንጠራ ተበትከ፣ ንሕናውን ኣምለጥና። ረዲኤትና ብስም እቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሄር እዩ። (መዝ 124:7–8)።

!ኣብዚ ዛንታ ናይ ሓደ መምህርን ተማሃራይን ኢየ

ዝዝክር!

መምህርን ምስ ተማሃራዩ ናብ ምዝንጋዕ ይወጹ። ብዛዕባ ቤት ትምህርትን ምዝንጋዕን ከኣ ከለ ጸገማት ነበረ። ግዜ ድቃስ ኣኸለ እሞ: እቲ ተማሃራይ ዓሞኞ ድቃስ ደቀሰ። እንተ እቲ መምህር ግና ብዛዕባ እቲ ዝነበረ ጸገማት ክሓስብ ድቃስ ከይወሰዶ ሓደረ። ኣብ መወዳእታ ድማ ወይ ተማሃራይ ተበራበረ እሞ ሓተቶ: "እዚ ኩሉ ጸገማት ከም ዘለና እንዳ ፈለጥካስ ከመይሉ ድቃስ ወሲዱካ ፧ እቲ ተማሃራይ ከኣ ንመምህሩ " ኣምላኽ ቅድሚ ምውላድና ንኹሉ ፍጡር ዘበለ ኩሉ ነገር ከም ዘዳልሉ ትኣምን ዶ ፧ኢሉ ሓተቶ። እቲ መምህር ድማ "እወ እኣምን ኢየ ኢሉ መለሰ ። ከም እንደገና ምስ ሞትና'ኸ ንኹሉ ከም ዘዳልወሉ 'ኸ ትኣምን ዶ፧ እቲ መምህር መሊሱ " ብርግጽ ንሱ ኩሉ ዝኽእል ኢዩ " ኢሉ መለሰ። እቲ ተመሃራይ ሸዑ " መምህረይ እምበኣር ከስ ንኹሉ ጸገማት ኮነ ጸበባታት ንሱ ክፍትሖ ንዕኡ ሕደገሉ እሞ ቀሲንካ ደቅስ "በሎ። ሓደ ሓደ ግዜ ብጸገም ድንግርግር ዝበሎ ሰብ : እቲ ኣማኒ መሓዛ "ዎ ጐይታ በል እሞ

ጸገማትካ ክፍትሑ ኢዮም" ኢሉ ይመኽሮ ። እወ ስም ጐይታ ብምጽዋዕ ጥራይ ብዛዕባ ሽግር ይቕስን መንፈሱ ከኣ ይረግእ ።

!ብስም ጐይታ መስተንክራት ይስራሕ ኢዩ!

ኣብቲ ናይ ፈለማ ናይ ሃዋርያ ግዜ: ከምዚ እንዳበሉ ይጽልዩ ነይሮም: (" ሕጂ ድማ፡ ጐይታይ፡ ናብ ምፍርራሆም ርኤ፡ ብስም እቲ ቅዱስ ወድኻ የሱስ፡ ምሕዋይ ሕሙማትን ትእምርትን ተኣምራትን ኪኸውን፡ ኢድካ ዘርግሕ፡ ንባሮትካ ድማ ብኹሉ ትብዓት ቃልካ ኺዛረቡ ሀቦም። (ግብ 4:29–30)። ሃዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ነቲ ልሙስ ሰብኣይ ኣብ ኣፍደገ እታ ውቅብቲ ቤት መቕደስ ምስ ፈወሶ እቶም ሰባት ምስተገረሙ: ጴጥሮስ ከምዚ በሎም: (" ንምንታይ በዚ ትግረሙ፡ ብገዛእ ሓይልና ወይስ ብጽድቅና ነዚ ኪኸይድ ከም ዝገበርናዮስ፡ ንምንታይ ንኣና ትጥምቱ አሎኹም። ንስኻትኩም ነቲ ቅዱስን ጻድቕን ክሒድኩምሲ፡። ነቲ ራእሲ ህይወት ቀተልኩምዎ። ብስሙ ምእማን ከኣ፡ ስሙ ነዚ እትርእይዎን እትፈልጥዎን ሰብኣይ ኣጽንዖ። (ግብ 3:12–16)። ሃዋርያ ጴጥሮስ ብተመሳሳሊ ነቲ

ልሙስ ከምዚ ኢልዎ ኢዩ: (" ወርቅን ብሩርን የብለይን፡ እቲ ዘሎኒ ግና እህበካ፡ ብስም የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኺድ፡ በሎ።(ግብ 3:6)። ምስ በሎ ኣእጋሩ ንእለት ጸነዓን ደው ክብልን ክንቀሳቐስን ከኣለ። ኣብ መወዳእታ ዘመን ከይተረፈ ሓሰውቲ ነበያት " ብስምካ ኣጋንንቲዶ ኣየውጻእናን " ክርስቶስ ጐይታና ከኣ ነቶም ሃዋርያቱ ከምዚ ዝብል ቃል ኣትይሎም ኔሩ: (" ነቶም ዚኣምኑውን እዚ ተኣምራት እዚ ኺስዕቦም እዩ፡ ብስመይ ኣጋንንቲ ኼውጽኡ፡ ብሓድሽ ልሳን ከኣ ኪዛረቡ፡(ማር 16:17)።
! ስም እግዚኣብሄር ንደቂ ሰባት ሓጥያት ካብ ምግባር ኪፈርሁ ትገብሮም። ንደቂ ሰባት ዘዋገኣም ሓሳብ እንተ መጺእዎም እሞ: ስም እግዚኣብሄር ምስ ዝሰምዕ ግና: ካብዚ ሓሳብዚ ሰኽኽ ይብልን ይፈርህን ።ኣብቲ ናይ ሓጥያት ሓሳብ ካብ ምቐጻል ካኣ የቋርጽ። ስለዝኾነ ድማ ኢዮም እቶም ብሓጥያት ዝተታሕዙ ካብ ስም እግዚኣብሄር ዝሃድሙ። መኽንያቱ ስም እግዚኣብሄር ንሓጥያቶምን ድኻሞምን ሕልናኦምን ስለ

ዘዘኻኽሮም: ኣብ ውሽጦም ዝጻረር ኣካል ስለ ዝስመዖም ኢዩ። ኣጋንንቲ ንደቂ ሰባት ክዋግእዎም እንከለዉ: ስም እግዚኣብሄር ኢዮም ዘረስዖዎ። ከምኡ ጌሮም ድማ ናብ ናይ ሓጥያት ባርነት ደረጃ የብጽሕዎ። መኽንያቱ ስም ኣምላኽ ኮነ ዝኾነ ብዛዕባ ጐይታ ዘበለ ክሰምዑ ክሳብ ዘይፈትዉ ስለ ዝበጽሑ።
ስም እግዚኣብሄር ዋላ ብሃንደበት ህጻን እውን ጽልዋን ሓይልን ኣለዎ። ከም ጐይታ ይርኢ ኢዩ: ጐይታ ይሰምዕ ኢዩ ,,,ምባል ። ከምኡ ኢልና ድማ ናብቲ ኣገዳሲ ጉዳይ ጉዳይ: ስም እግዚኣብሄር ከመይ ጌርና ኣብ ህይወትና ተግባርናን ንቅድሶ ዝብል ኢዩ።

ምዕራፍ ዓሰርተ ኣርባዕተ
ስም እግዚኣብሄር ብከመይ ይቕደስ፧

ቀዳማይ: ስም እግዚኣብሄር ኣብ ጸሎትና ንቕድሶ! መኽንያቱ ኣብ ግዜ ጸሎትና ስም እግዚኣብሄር ክብርን ኣኽብሮትን ብምሃብ ኢና ንዝክሮ ። ኣብ

ቅድስና እግዚኣብሄር ዘሎ ቅድስናን ዕብየትን ፍቕርን እንዳ ዘከርና : ኩሉ ናይ ኣምላኽ ክብርታትን መንነቱን ኣብ ቅድሜና ይሰኣል ። ስለዝኾነ ከኣ ኩሉ ግዜ ጸሎታትና "ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ንጅምሮ ። ብስምቲ ሓያል ኣምላኽ ። ኩሎም ምስጢራት ቤት ክርስትያንና ብስም እግዚኣብሄር ኢና ንጅምሮም ። ብስም ኣምላኽ ከኣ ኩሉ በረኻታት ይወርድ።
ኣብ ጸሎትና እንዳ ሰገድናን ኣብ ኩሉ ተግባርና ስም እግዚኣብሄር እንዳ ጸዋዕና ንዝክሮ ።
እዚ ስም እዚ ኢዩ ብስሙ ምስ ኣመንና ብእኡ ዝተጸዋዕናሉ። ብፍጽምናን ንጽህናን ምምልላስ ገዲፍና ኣብ ሓጢኣት ኣብ ንወድቀሉ ድማ ብሰንክና እዚ ስምዚ ይጽረፍ። ብዙሓት ነቲ ጽቡቕ ግብሪ ኣመንቲ ብምርኣይ: ብዘይ ምእማኖም ዝጠዓሱ ኔሮም ኢዮም ። ካልኦት ብዙሓት ድማ በዚ ሰናይ ግብሪ ተደሪኾም ክሳብ ናብ ሰማእትነት የምርሑ ኔሮም : ብርግጽ ናይ ቅድስና ስራሕ ስም እግዚኣብሄር ተኽብርን: መንገዲ ብርሃን ትገልጽን ኢያ። እዚ ግን ጥራይ ኣይኮነን እንታይ ደኣ: እግዚኣብሄር ንደቁ ዝሃባ ሓይሊ ምኽና መረጋገጺት

እውን ኢያ ። ስለዚ እምበኣር ብኣኣ ጌርኩም ብሰናይ ክትመላለሱ ይከኣለኩም ኢዩ። ንትእዛዝ ኣምላኽ ብምሳልያዊ ዘይኮነስ ብግብሪ ኢዮም ኣብ ህይወቶም ዝገልጽዎ ኔሮም። ኣብ ኣገልግሎትካን ኣብ ህይወትካን ዕዉት ኮይንካ ምስ ዝርእዩኻ: እግዚኣብሄር ንደቁ ከምዚ ዝበለ ዓወት ስለ ዝሃቦም ንቅዱስ ስሙ የመስግኑ ። ከምኡ እውን ንደቁ ብደገፉ ስለ ዝኸብቦም ስም እግዚኣብሄር ይባርኹ። ብኣንጻሩ ኣብ ኣገልግሎትካ ዝወደቕካ እንተ ኮይንካ: ንቤት ክርስትያን ስለ እትውክል ንኣምላኽ "ስምካ ይቀደስ " ኢልካ ክትጽውዕ ይከኣለካ ዶ፧ እዚ ስም እዚ ዝተጸዋዕኩሉ ኢየ ስለዚ ስሙ ኣብ ቅድሚ ኩሉን ኣብ ህይወተይን ህይወት ኣሕዋተይ ኩሎምን ዝተቐደሰ ይኹን ትብልዶ፧ እታ ናብ ኣምላኽ እተልዕላ ጸሎት ስሙ ንኽኸብር ባዕሉ ዝህበካ ሓይሊ ኢያ።ስም እግዚኣብሄር ብኣናባብራና ንቅድሶ። ከምቲ (" ከምኡ ኸኣ ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም፡ ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኼመስግንዎ፡ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ።(ማቴ 5:16)። ዝበሎ።

ሰባት ኣባኹም ስእልን መልክዕ ኣምላኽ ይርእዩ። ብሰንክኹም ድማ ንኣምላኽ የፍቅርዎን ንስሙ ይቕድሱን። ብኣንጻሩ ኣካይዳና ክፉእ እንተኾኑ ድማ: " እዚኣም ድዮም ስም ክርስቶስ ተሰኪሞም ዘለው: ናይ ክርስቶስ ትምህርቲ ኣብ ህይወቶም ተምሳል ዝሓዙ ፤ ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ሮሜ ዝበሎ ("ከምቲ፡ ብሰርኹም ስም ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ይጽረፍ እዩ (ሮሜ 2:24)። ኢሉ ዝገሰጾም ። እሞኽ ናይ ነፍስወከፍና ህይወት ስም እግዚኣብሄር ዝኸብረላን ንብዙሓት ናብ ጐይታ እትስሕብንዶ ኣላ፤ ነፍስ ወከፍና ተመሊስና ነፍናን ዕዮናን እንተ ንግምግም እሞ: ነቲ ኣብ ጸሎት "ስምካ ይቀደስ" ዝብል ቃል እንተ ንዝክር: ብኣሉታውን ብኣውንታውን ሽነኻቱ ጽቡቕ ኔሩ።

*ኩሉ ሰናያት ዋንነት ናብ ኣምላኽ ብምሃብ ስሙ ነኽብሮ !

ኩሉ ምእንታኡ: ምእንቲ ክብሪ ስሙ ንገብሮ ። ንኹሉ ሰናያት ከኣ ንሱ ብመገድና ይገብሮ። ንሕና ዘይኮንናስ ንሱ ጌርዎ ንብል። ምስቲ ዘማራይ ኮንና ድማ: (" ንኣና ኣይኮነን፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ንኣና

ኣይኰነን፣ ግናኸ ስለ ምሕረትካን ሓቅኻን ኢልካ፣ ንስምካ ኽብሪ ሀብ።(መዝ 115:1)። ንብል። ኣብ ኩሉ እንዓዮ ስም ጐይታ ምድማጹ ንዓና እኹል ኢዩ። ናይ ዮሐንስ መጥምቕ ኣብነትና ጌርና ድማ (" ንሱ ኺዓቢ፡ ኣነ ግና ክንእስ ይግባእ።(ዮሓ 3:30) ንብል። ነዚ ኣብነት ዝኾነና ልዕል ኢልና ገሊጽናዮ ዝነበርና: ሃዋርያ ጴጥሮስ ነቲ ልሙስ ሰብኣይ ብስም ጐይታ ምስ ፈወሶ እሞ እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ብምግራም ምስ ጠመትዎ ዝበሎ: (" ንምንታይ በዚ ትግረሙ፡ ብገዛእ ሓይልና ወይስ ብጽድቅና ነዚ ኪኸይድ ከም ዝገበርናዮስ።(ግብ 3:12)። ናብኣቶም እንዳ ጠመተ ድማ " እዛ እምነት እዚኣ ነዚ እትርእይዎ ዘለኹም ሰብኣ ኣእጋሩ ክጸንዓ ገበረተን" ብኸምዚ ድማ ኣብ ክንዲ ኣብቲ ተኣምር ኣዒንቶም ዝጸንዓ: ናብታ እምነት ከድህቡ ሓበሮም። ሃዋርያት ካብዚ ነገር ገዛእ ርእሶም ብምኽሓዶም ከኣ ንስም ኣምላኽ ክብሪ ሃቡ። ስለዚ ኣብ ኩሉ እትሰርሑ ዕዮኻ: ንሰባት ጠመትኣም ናብ ኣምላኽ ክገብሩ ሓበሮም ። ዝኾነ ህያብ እንተ ሃብና እታ ህያብ ናይ ኣምላኽ ምኻና ሓበሮ እሞ: ንሱ ከኣ

ስለታ ህያብ ስም ጐይታ ከመስግን ኢዩ። ኣብ ዝኾነ ኣገልግሎትካ እንተተዓዊትካ: ኣብቲ ዕዮ ኢዱ ስለ ዘእተወን ክትዕወት ስለ ስገበረን ንኣምላኽ ኣመስግኖ። "ኣብ እከለን እከለን ገጽ ጸጋ ስለ ዝሃበና ስሙ ብሩኽ ይኹን" በል። ንዝኾ ሰብ እንተ ኣድሓንካዮ: እቲ ዘድሓኖ ጐይታ ምኻኑ ኣረዲእካ ነቲ ኣገልግሎት ባርኽ። ናብ ሕሙማት እንተ በጻሕካ: ኣድህቦኻ ኣብቲ ሓኪም ወይ ዶክተር ዘይኮነስ: ኣብቲ ስጋናን መንፈስናን ዝፍውስ ሓቀኛ ፈዋሲ ይኹን።

!ምንጪ ጸጋታትን ደገፍን ኣምላኽ ምኻኑ: ንሰባት!

ብቐጻሊ ክስምዖም ግበር።

ኩሉ ንረኽቦ በረኸት ካብ ኣምላኽ ኢና እንቕበሎ። ካህን ኣቦና ንሰባት ክባርኽ እንከሎ እውን "እግዚኣብሄር ይባርኽካ" ኢዩ ዝብል። ኣብ መዕጸዊ ናይ ነፍስ ወከፍ ጉባኤ እንተኾነ: " ኣምላኽ ይራህርሃልናን ይባርኸናን " እንዳበለ ይጽሊ። ስለዚ እምበኣር ምንጪ ናይ ኩሉ ውህበታት ኣምላኽ ምኻኑ ንረዳእ። ወዲ ሰብ ውላድ ምስ ወለደ ንባዕሉ "እግዚኣብሄር ሂቡኒ " ኢዩ ይብል ። ኣብ ህይወቱ

ዕግበት ክስመዖ እንከሎ ድማ: " ካብ ጸበባ እንተ ወጸ: "ጸቢቡኒ ኔሩ ኣምላኽ ኣርሂዉለይ" ብምባል " ኣምላኽ ኣብ ብዙሕ ነገረይ ሰናይ ኢዩ" ይብል። !ስለዚ ስም እግዚኣብሄር ዋላ እውን ምስ ገዛእ ነፍስኻ ኣብ ልሳንካ ቀጻሊ ደጋግሞ።! ዝግበርካ ምስ ገበርካ: እግዚኣብሄር ብኣኻ ዝዓየዮ ዕዮ ምኻኑ ደኣ እምበር: ኣብ ገዛእ ርእስኻ ኣይተድህብ። ጸጋን ሓይልን እግዚኣብሄር ኣባይ ትዓዩ ኣላ ደኣ በል እምበር:"ኣነ" ኣይትበል። እቲ ጐይታ (" ንስኻትኩም፡ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም።(ዮሓ 15:5)።" ዝበሎ ቃል ዘክር። ደጋጊምካ ድማ ነቲ ዘማራይ ዝዘመሮ መዝምር : (" እግዚኣብሄር ንቤት እንተ ዘይሀነጻ፣ ሃነጽቲ ንኸንቱ ይጽዕሩ። እግዚኣብሄር ንኸተማ እንተ ዘይሐለዋ፣ ሓላዊ ንኸንቱ ይነቅሕ። "(መዝ 127:1)። ኣስተንትኖ። ከምኡ ኢሉ ድማ ስም እግዚኣብሄር ኣብ ልብኻን እምነትካን ከምኡ እውን ምስ ዘባት ምዝርራብካን ክቕደስ ኢዩ። ኣብ ብሕትኻ ኮነ ምስ ሰባት ምስ እትዛረብ ብቀትሪ ኮነ ለይቲ ብስሙ ተዛረብ። እወ ኩሉ ግዜ ኣብ ግዜ

ጸሎትካ: ሰባት ኣብ እትረድኣሉ: ኣብ ማሕበራዊ ኮነ ግላዊ ዕዮ ህይወትካ: ኣብ ልብኻ ቀዳማይ ክሰፍር ዘለዎ ስም እግዚኣብሄር ኢዩ። ሽዑ ስሙ! ኣብ ልሳንካ ኣብ ምትሕብባርካ ኣብ ስነ ምግባርካ ጎሊሑ ክረአ ኢዩ።
! ብስብከት ወንጌልን ናይ ቃሉ ኣገልግሎት እውን ስም ኣምላኽ ክትቅድሶ ትኽእል ኢኻ!
መኽንያቱ ብስብከት ስም እግዚኣብሄር ኣብቶም ሰባት ይቅደስን ስሙ ተላልዮምን ምስኡ መራኸቢ ትፈጥረሎምን እሞ: ነዚ ስም እዚ ደጋጊሞም ክጠቕስዎ ምስ ጀመሩ ክኣምኑን ስሙ ክጽውዖዎ ይኽእሉ። ጐይታ ብዛዕባ ኣቦ ንደቂ ሰባት ከላልዮ እንከሎ ከምኡ ኢዩ ገሩ ኣብ (ዮሓንስ 17) ኣሎኩም ከምዚ ከኣ ይብል:

(" ነዞም ካብ ዓለም ዝሀብካኒ ሰባት ስምካ ገለጽኩሎም።,,,,, ጻድቕ ኣቦይ፡ ዓለም ኣይፈለጠትካን፡ ኣነ ግና ፈሊጠካ ኣሎኹ። እዚኣቶምውን ንስኻ ኸም ዝለኣኽካኒ ፈሊጦም ኣለዉ። እታ ብእኣ ዘፍቀርካኒ ፍቕሪ ኣባታቶም ምእንቲ ኽትከውን ኣነውን ኣባታቶም፡ ስምካ

ኣፍሊጠዮም ኣሎኹ ኸፍልጦምውን እየ።(ዮሓ 17:6/25–26)። ስለዚ ስብከት እምበኣር: ለይጣ ምንቅስቓስን ሽበድበድን ዘይኮነስ : ስሙ ንኸፍልጦምን ክኣምኑን ምስኡ ክተኣሳሰሩን ዘገብሮ ናይ ኣምላኽ ዓላማ። ኢዩ።

ሰባት ኣብ ስም እግዚኣብሄር ዘለዎም ኣተሓሳስባን ስምዒትን ጽቡቕ ከም ዝኸውን ምግባር ።

ንሰባት ስም ኣምላኽና ምፍላጥካ ሰናይ ኢዩ። የግዳስ ነየናይ ኣምላኽ ኢኻ እተላለደዮም ዘለኻ፤ ነቲ ፈቃር :ርህሩህ : ለጋስ ኣምላኽ ዘፍቅሮምን ዘድሓኖምን ጌና እውን ዝዓዩ ዘሎ ኢዩ።

ብመንገድኻ ስም ጐይታ ዝተላለዩ ክንደይ ኢዮም፤ ቃሉን ትእዛዙን መንገዱን,በማእከልነትካ ዝፈለጡ እሞ: ብሰንክኻ ምስ ኣምላኽ ክራኸቡ ዝኽኣሉ: ከምኡ እውን: ከምኡ ስለ ዝመሃርካዮም ኣብ ቤቶም ስም ኣምላኽ ክዝከር ዝጀመረ ክንደይ ኣለዉ፤ ደስ እትብለኒ ሓደ ካህን ናብ ስደተኛታት ኣብ ዝነበርሉ ንኣገልግሎት ምስ ለኣኽክዎ ዝበልዎ:

"ንዓኻ ዝፈለጥናላ መዓልቲ: ንኣምላኽ ፈሊጥናዮ " ከምዚ ኢሉ ድማ ኢዩ ኣምላኽ ብዕዮ ጉስነት ስም

እግዚኣብሄር ዝቅደስ ። እቶም ሰባት ድማ ከምዚ ይብሉ: " ብዛዕባና ዝሓትት ኣይነበረን ። ሓላዊ ከም ዘይብላ ጤል ነበርና: እሞ ኣምላኽ ንኣቦና እከለ ለኣኸልና። ስለቲ ኩሉ ዝገበረልና ሰናይ ነገር ጐይታ ስሙ ብሩኽ ይኹን"።

ካልእ ስም እግዚኣብሄር ዝቅደሰላ መንገዲ እውን ኣላ ። ንሳ ከኣ:
! ሰባት ካብ ኣምላኽ ከይተፍርሆም ምጥንቃቕ!
ስእሉ ብፍቕሪ ግለጸሎም ።
ከምዚ ዘበለኒ መኽንያት: ገለ ሰባት ኣምላኽ ከም ሓደ መፍርሂ ጌሮም ንሰባት ይገልጽሉም እሞ: ኣብ ቅድሜኡም ትእዛዛት ኣምላኽ ኣቕሚጡ: ነዚ ዘይተግበረ ገሃንመ እሶት ክበልዖን ክጠፍእን ምኽኑ የረድእዎን የሸብርዎን ። ምስዚ ዝዝክሮ: ኣደ ንውሉዳ ቀጻሊ እትብላ ኣብ ግዜ ጸወታኡ ረበሽኡን "ሱቕ በል ኣምላኽ ከይቁጠዓካ " እንዳ በለት ኩሉ ግዜ ስእሊ እግዚኣብሄር ከም ሓድ ቁጡዕ ብምግላጽ ኣብ ኩሉ ከም ዝጭነቕ ትገብሮ። ኣምላኽና ከምዚ ኣይኮነን ።ከምኡ ኣይትግበሪ ሓፍተይ። ንሕና

ናብ ሰባት እንሰብኮ እቲ ስሙ ፍቱው ዝኾነ ኣምላኽ ኢዩ። ብዛዕባኡ ከምዚ ኢና እንብል: "ስምካ ኣብ ኣፍ ቅዱሳንካ ጥዑምን ብሩኽን ኢዩ"። ብዙሓት ግጉይ ናይ ገዛእ ርእሶም ጉጉይ ስነሓሳባት ብምዝራእ: ስም እግዚኣብሄር ምስ ደቂ ሰባት ዘለዎ ዝምድና: በኪሎም ኢዮም ። ሃዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ግና ኣብ ቅድሚ ሰባት ከምዚ ብምባል ቀዲሱዎ ኢዩ: " እግዚኣብሄር ፍቕሪ :ብርሃን: ጻሳ: ሓቂ: ህይወት: ኢዩ"። ብርግጽ ኣምላኽ ኣብ ሰማይ ልዕል ዝበለ ከንሱ: ብትሕትና ናብ ምድሪ ብምጥማት: ነቲ መስኪን ካብ ሓመድ ነቲ ነዳይ ከኣ ካብ ጎሓፍ ኣልዒሉ: ምስ መሳፍንቲ ህዝቢ ዘቕምጥ ኢዩ። እምበኣር: ኣብ ጸሎትካ "ስምካ ይቀደስ " ክትብል እንከለኻ: ልክዕ ኣምላኽ ሓይሊ ክህበካ እሞ: ስም እግዚኣብሄር ኣብ ሰባት ክግለጽ: ሰባት ነዚ ስምዚ ኣማኑኤል ትርጉሙ ኣምላኽ ምሳና ዝብል ከፍቅርዎ ምግባር። ስም የሱስ እቲ ንህዝቡ ካብ ሓጥያቶም ዘድሓኖም :እቲ መልኣኽ ነቶም ጻሶት ከም ዘበሰሮም።

የሱስ ብዛዕባ ኣምላኽ ዝነገረና እንተ ተመልኪትና ከኣ: ከም ሓደ ሩህሩህ ኣቦ :ከይለመንካዮ ዝህብ ጌሩ ኢዩ። ሃዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ከኣ ብዛዕባ ኣምላኽ ከምዚ ኢሉና ኣሎ (" ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፡ እቲ ኣብ ፍቕሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር፡ ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር።(1ዮሓ4:16)።

!ሰባት ንኣምላኽ ከፍቅርዎ ግበር: ከም ዘፍቅሮም ድማ ግለጸሎም።!

ከም ዘፍቅሮምን ናብኣም ከኣ ኣዚዩ ቀረባ ምኻኑን ክስመዮም ግበር። ብርግጽ ንሱ ኣብ ሰማያት ኢዩ: እንተኾነ መንፈሱ ኣብ ውሽጢ ልቦም ኢዩ። ንስኻትኩም ቤት ኣምላኽ: መንፈስ ኣምላኽ ድማ ኣብ ውሽጥኹም ዝነበር ኢኹም (1ቆሪ 3:16)። ንስኻ ሰም ኣምላኽ ጼርካ ናብ ሰባት ከም እትኸይድ መጠን : ምስቲ መልኣኽ ኮይንካ ከምዚ በሎም: " እነሆ ዓቢ ብስራት ኣበስረኩም ኣለኹ"(ሉቃ 2:10)።

ንሰባት ከቢድ ጾር ኣይተሰክሞም (ማቴ 23:4)። ዋላ

እውን ብሰንኪ ኣምላኽ ኣርዑት ከም ዝተሰከሙ ክስመየም ኣይትግበር።!!
መኽንያቱ እዚ ንስም ኣምላኽ ክብሪ ዘውህብ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ግና መሓዛኣም ብምኻን : ምስኣታቶም ቀስብቐስ ናብ ላዕላይ ደረጃ ክሳብ ዝበጽሑ ብምጎዓዝ : ናብ መንገዲ እግዚኣብሄር ስሓቦም ። መዓልቶም ብስም ኣምላኽ ጀሚሮም ብስም ኣምላኽ ክዛዝሙን: መግቦም ብስም ኣምላኽ ክባርኹን መሃሮም : ንኣምላኽ ክፈርህዎ ኣይትግበር።ሃዋርያት እውን ነቶም ናብ ክርስቶስ ዝጽንበሩ ዝነበሩ ጾር የኽብድሎም ኣይነበሩን። ናብ ኣምላኽ ንምብጻሕን ምስኡ ህይወት ንምስራትን ምቕላል መንገድን: በዚ ስም እግዚኣብሄር ይኽብር ኢዩ።
ሃይማኖት ኣብ ቅድሚ ካልኦት እሱርቤት ኣይትግበሮ። ኣብ ቅድሚ ገዳዲ ትእዛዝ ምህላዎም ብምስመየም ንጥፍኣቶም ኣይትግበሮ። በዚ ጠባይ እዚ ብዙሓት: ህላዌ ኣምላኽ ንህላዌኣም ዝጻረር ጌሮም ስለ ዝገመትዎ: ንስም ኣምላኽ ክጋደልዎን ክጸልእዎን ኮይኖም ኢዮም ። እንተ ንስኻ ግና ስም

ኣምላኽ ናብ ሰባት ከተብጽሕ እንከሎኻ: ብመገዲ ጽቡቕ ነገር ከም ዘፍቅሩ ግበሮ። ሽዑ ንኣምላኽ ከፍቅርዎን: በዚ ከኣ ስም ኣምላኽ ኣብኣቶም ክቅደስን አዩ። እዚ ኩሉ ዝበልናዮን ካልእ እውን ክውሰኽ ዝከኣልን: ኩለን ኣብ ሓንሳልካ ኣብ ምስትንታንካ ክሓድር እሞ: ከምዚ ንኽትብል ኢዩ: " ስምካ ይቀደስ "

ምዕራፍ ዓሰርተው ሻሙሽተ
መንግስትኻ ትምጻእ

እቲ ሓቀኛ ንጉስን መላኽን ሓደ ንሱ እግዚኣብሄር ኢዩ!
ከመይሲ ንኹሉ ነገር ዝመልኽ ንሱ ኢዩ። መኽንያቱ ንኹሉ ዝፈጠረ: ንኹሉ ህሉው ዝገበረ ንኹላ ኣድማስ ምስ ምልኣታ ዝመልኽ ኢዩ። ነዚ ንኽገልጽ እቲ ዘማራይ ዝበሎ ቃል (" ንሳን ምልኣታን፣ ዓለምን ዚነብርዋን ናቱ እዮም።(መዝ 24:1)።
እንተኾነ ሓጥያት ናብ ዓለም ምስ ኣተወት (ሮሜ

5:12) , ልቦምን ድልየታቶምን ኣትያ ክትቆጻጸርን ክትመልኮምን ምስ ጀመረት ሞት ከኣ ኣተወት ። እዛ ሞት እዚኣ ድማ ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈት (" ሮሜ 5:12)። ሞት ከኣ መላኺ ኮነ እሞ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ኣውደቐም (ሮሜ 5:14/17)።
ሓጥያት ብዘይ ፍቓድ ገዘአት (5:21)።
ሞት ምስ ገዘአት ከኣ ሰይጣን ገዘአ እሞ: ገዛኢ ናይዛ ዓለም ተባህለ (ዮሓ 14:30)። ማለት ናይዛ ሓጥያተኛ ዓለም። ሰይጣን ድማ ኣብ ኩሉ ነገር ግዝኣቱ ቀጸለ። ሰባት ካብ ብርሃን ንላዕሊ ጸልማት ስለዘፍቀሩ: ብርሃን ጠፊኡ ጸልማት ኮነ (ዮሓ 3:19)። ክርስቶስ ነዚ ከመልክት ክሕዝዎ ኣብ ዝመጽእሉ ግዜ ከምዚ በሎም (" እዚኣ ግና ጊዜኹምን ስልጣን ጸልማትን እያ፡ በሎም።(ሉቃ 22:53)።
ከምዚ ኢላ ድማ ጸልማት ኣብ ሓሳባትን ድሌታትን ደቂ ሰባት ገዘአት ።
ንግስነት ናብ ዋናኣ ክትምለስ ከኣ ግድን ነበረ!
ገዛኢ ናይዛ ዓለም ንወጻኢ ክድርብ ናይ ግድን ነበረ

(ዮሐ12:31)።ናይዛ ዓለም ገዛኢ ከም በርቂ ካብ ሰማይ ክድርበ (10:18)። ሽዑ እቲ ሓቀኛ ብርሃን ናብ ዓለም መጸ (ዮሐ 1:9)። እዚ ብርሃን እዚ ምስ መጽአ ከኣ ንሱ ክገዝእ ጸልማት ክቕላዕ ኮነ።
ጐይታ ግና መኣስን ብኽመይን ኢዩ ገዚኡ፤
ጐይታ ከምቲ ኣብ መዝሙር ዘሎ ኣብ ዕንጨይቲ መስቀል ኢዩ ነጊሱ (መዝ 95) ። ኣብ መስቀል ብምንጋስ ብደሙ ዓዲጉና (ሮሜ 5:9)። ንሕና ከኣ ምሳኡ ነገስና ። መዝሙር ዳዊት እውን ክዝምር እንከሎ ("እግዚኣብሄር ኣብ ማእከል ኣህዛብ ነጊሱ: ሰማያት ይተሐጐሱ፣ ምድሪውን ባህ ይበላ፣ ባሕርን ምልኣቱን ይናወጽ።,,,እግዚኣብሄር ነጊሱ ህዝብታት ራዕራዕ ይበሉ(መዝ 96)።
መንግስቲ ጐይታ እምበኣር ምስ መስቀልን ድሕነትን ምትእስሳር ዘለዎ ኮይኑ: ኩሎም ደቂዚ መንግስቲ ዘበሉ ድሕነት ረኸቡ።
ተበጃውነት ብሞት ናይ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ኣብ ሰዓት ትሸዓተ ኢዩ ተፈጺሙ። ስለዝኾነ ድማ ኢዩ ጸሎት ናይ ሰዓት ትሸዓት "ጐይታ ነጊሱ" ዝብሉ ንባባት ዝብዝሓ። ስቕለት ናይ ሞት ቀዳምነት ከም

ምኽኑ መጠን: መጨረሽታ ናይ ሰዓት ሽዱሽተ ጸሎትና መዝሙር ከምዚ ንብል: (" እግዚኣብሄር ነጊሱ፣ ግርማ ለቢሱ።(መዝ 93:1)። ስለዚ "መንግስትኻ ትምጻእ" ክንብል እንከለና: ነቲ ዓቢ ናይ ምብጃው ስራሕ ንዝክር ። ብዘይ እዚ ተበጃውነት እዚ: እዛ መንግስቲ ኣይምመጽአትን። ንሕና "መንግስትኻ ትምጻእ " : ኢልና ብምጽላይና: ተበጃውነት ንኹሉ ብኡኡ ክኣምንን ክበጽሕን ብእኡ ንኽድሰትን ማለትና ኢና። እዚ ከኣ ጐይታ ንውልቀ ሰብ ወይ ጉጅለ ዘይኮነስ: ንናይ ዓለም ሓጢኣት ጸይሩ ኩሉ ንኽድሕን ስለ ዝነበረ ኢዩ(ዮሓ 1:29)። ብስራት መንግስቲ ኣብ ልደት ክርስቶስ ኢዩ ጀሚሩ። እዛ መንግስቲ እዚኣ ድማ ብስብከታቱ እንዳ ቀረበት መጺኣ። ኣብ መስቀል ድማ ተፈጺማ ። ስለዚ ከኣ ኢዩ ዮሓንስ መጥምቕ ኣብ ስብከቱ ("መንግስቲ ሰማያት ቀሪባ ኢያ" ማቴ 3:2) ክብል እንረኽቦ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ከይተረፈ ዝሰበኾ እንተ ረኣና (" እቲ ዘመን ተፈጸመ፡ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ ቀረበት፡ ተነስሑ ብወንጌልውን እመኑ።(ማር 1:14)። ንመጀመርታ

ግዜ ንደቂ መዛምርቱ ንስብከተ ወንጌል ክልእኩም እንከሎ ከኣ ከምዚ በሎም (" ኬድኩም ድማ፡ መንግስተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ፡ ኢልኩም ስበኹ። (ማቴ 10:7)። ከምዚ ኢላ ከኣ ብስራትን ስብከትን መንግስቲ ብዮሓንስ መጥምቕ ጀሚራ ደሓር ብክርስቶስ ስዒባ ድማ ብደቂ መዛሙር : ደሓር እውን በቲ የማናይ ሽፍታ ኣብ መስቀል (ሉቃ 23:43) ተፈጸመት።

ልመና "መንግስቲ " ናይ ኩልና ናይ መዓልታዊ ጸሎትና ኢያ። ጐይታ ናብ ሰማያዊ ኣቦና ከመይ ገርና ክንጽልይ ክምህረና እንከሎ ከኣ : ከምዚ ክንብል ነጊሩና "መንግስትኻ ትምጻእ " ሉቃ 11:2" ። እዛ ልመና እዚኣ : ዕምቈት ኣገዳስነታ ኣብ ልቢ ኩሉ ክትለግብ: መዓልቲ መዓልቲ ኩሉ ሰዓታት ኣብ ኩሉ ጸሎታትና ንብላ።